
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.113 ዓርቢ 10 ጥሪ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ዓለም ብብዝሒ ሰባት ዝቐትሉ ሕማማት


ገጽ 3
ወዲ-ማጆር፡ ነጸብራቕ ጅግንነት ተጋዳላይ


ገጽ 4
ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ


ገጽ 5
ርእሰ-ተኣማንነት


ገጽ 7
ዊልያምስ፡ ንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣስጳኛ ነቒፉ



## ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ንጥፈታት 2024 ብምግምጋም፣ ኣብ መደባት 2025 ዘትዩ

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ትማሊ 9 ጥሪ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣብ ዘቃንዖ ዓመታዊ ኣኼባ ኣብ 2024 ንዘተሰላሰለ መደባት ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት 2025 ዘትዩ።

ኣቦ'ቲ ሓለፍቲ ኣብያተ-ፍርዲ ዞባታት፡ ደያኑ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ፡ ፈጸምቲ ፍርዲ፡ ኣዘዝትን ወኪላትን ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሳታፍነ ካልኦት ኣካላትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ጸብጻባትን መደባትን ኣብያተ-ፍርዲ፡ ቤት-ጽሕፈት ዋና ኣኽባር ሕጊ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጊ፡ መደባት 2025ን ክጽኦሉ ከምኡ'ውን ዲጂታዊ ዋሕዚ ጉዳያትን ኣጠቓቕማ ንዕኡ ዝምልከት 'ሶፍትዌር'ን ቀሪቡ።

ሚኒስተር ፈውዝያ ሃሽም ኣብ ዘስመዓቶ መደረ ከም'ዚ ዝበለ ኣኼባታት፡ ንቕጻሊ ምብህሃል ዝዕድምን ነቲ ዝድለ ሽቶታት ንምስማር ዝድርኽን ምዃኑ ብምሕባር፡ ዕማማት ፍትሒ ንምድልዳል ብሓፈሻ፡ ስርዓት-ፍትሒ ኣብ ልዕና፡ ክብርታትን



ኣካብራን ሕብረተሰብ ዝተሰረተ ኩይኑ ንኽቕጽል ድማ ብቐንዱ ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ምዃኑ ኣገንዚባ።

ሚኒስተር ፈውዝያ ብዘይካ'ዚ፡ ወሀብ ሕጽረታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ 2025 ኣፍራይነት ንጥፈታት ሚኒስትሪ ንምዕባይ፡ ሕግታት ንምንጻፍን ንምጽዳፍን፡ ወርጽጽ ምሕደራ



ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

ጼጋ ሰብ ንምርግጋጽን ንምምዕባሉን፣ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ንምድንፋዕ፡ መደባት ምብራኽ ንቕሓት ንምሕያል፣ ከምኡ'ውን ስርዓት-ቴክኖሎጂ ንምምዕባል መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ኣሰሪራ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ስርዓት-ፍትሒ ሕብረተሰብ ዘማእከለ ንክኸውን ዝቖደ ዘሎ ጻዕርታት ዘተባብዕ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ዝምደቡ ሓደስቲ ሞያውያን ምስ'ቶም ብተመክሮ ዝኸኑ ብዘለዓለ ዝወሃሃዱሉ ባይታ ክጥጥሕ ዝብልን ካልእን ርኢይቶታት ሂቦም።

ኣቦ'ቲ ዕለት፡ ንጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምልከት ሰሚናር ንተሳተፍቲ ቀሪቡ።

## መንሱራን ሃይኮታን - ንጽጉማት ስድራቤታት ደገፍ ተገይሩ

ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ንኡሳን ዞባታት መንሱራን ሃይኮታን፡ ንጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ከም ዝተጠየቑ ተሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ - ምምሕዳራት ከበቢ ጉላ፡ ገርገር፡ መጋውዱ፡ ሕርቃብን ኩሬትን ዝርከባ ስድራቤታት ኻሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ብጠቕላላ ዝዓልብ መጽዋዕዲን ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ - ምምሕዳራት ከበቢ ሃይምደሚ፡ ሓሸኽቲ፡ ምምሕዳር ከበቢ 02 ሓወሲ ከተማ ሃይኮታን ፈልኮን ዝርከብ ድማ ብተመሳሳሊ መጠን ገንዘብ ብጠቕላላ ተጠቒሰን።

ተጸዋዕቲ ናይ'ቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብዙሓት ስድራቤታት ከምእተጠቕሳ ብምጥቃስ፡ በቢእዋኑ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ጽጉማት ስድራቤታት እወታዊ ጽልዋ ይፈጥር ከም ዘሎ ኣረዲኦም።

ሓገዝ ዝተገበረሎም ወገናት ብወገኖም፡ እቲ ሓገዝ ነቲ መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ዘካይድዎ ጻዕሪ ድርኺት ዝፈጥር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዝተገበረሎም ሓገዝ ኣመስጊኖም።

## ድግን ሎኮ ዓንሰባን፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ንምዕባይ ተዘትዩ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድግ፡ ዘውጽኡ መደባት ንምዕዋትን ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምዕባይን ዝዓለመ ርክብ ምስ ወከልቲ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ኣካይዱ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ሁመድ ኢላ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዘውጽኡ ልምዓታውን ምምሕዳራውን መደባት ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክዕወቱ ስለዘይክእሉ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ቀዳምነት ክወሃቦ ዝግባእ ዕማም ምዃኑ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ዘርኣብሩኽ ብወገኑ፡ መንግስቲ በቢእዋኑ ማሰረታውያን ኣገልግሎታት የዋድድ'ኳ እንተሎ፡ ብሰንኪ ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ካልእ ሕጽረታትን ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ኣመሓደርቲ ከበቢን ኣባቦርቲ ዓድን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ጸቕጦም ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብርክቶኦም ንምዕዛዝ ቅሩብነቶም ብምርግጋጽ፡ ሕጽረታት ንምምላእ ኣብ ዝወሰድ



ስእላይ ሓጅ ሚጀር



ተበግሶ ከምዝሳተፉ ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ፡ ምስ ኣመሓደርትን ወከልቲ ህዝብን 13 ምምሕዳራት ከበቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ተሳታፍነት ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዝማሰነን ምዃኑ ገሊጹ።

ብፍላይ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምስራሕ ዲጋታት፡ ምውዳድ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ካልእን፡ ተሳትፎ ህዝቢን ሰራዊትን ኣብ 2024 ልዑል ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ዲጋታት ዝሰርሓ ዓድታት ምድላዋተን ኣጻፊፈን ከምዘለዋ ሓቢሩ።

ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ኣብ ዓዲ-ንኣምን ዝተሰርሐት ዲጋ፡ ኣብ ደብሪን ኣብረሽቖን ተዋዲዱ ዘሎ ፕሮጀክት ማይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ከበቢ ምሉኖይ ዝተሃንጸት መጠነ ንኡስ ዲጋ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘለዎም ጉሉሕ ተሳትፎ ከምዝኾኑ፡ ኣቶ ኣብርሃም ወሲኹ ኣብሪሁ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ኣብ ዓለም ብብዝሒ ሰባት ዝቐትሉ ሕማማት

ንወድሰብ ዝቕትል ዘሎ ሕማም እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ህዝባዊ ጥዕና ማሰረታዊ እዩ። ነቲ ሕማም ኣለሊኻ ንምክልኻሉ ንዝወሰድ ስጉምቲ ንምልላይ ኣዝዩ ሓጋዚ ሕቶ ብምዃኑ።

ኣብዚ ዘመናዊ እዋንዚ እውን እንተኾነ፡ ግቡእ ክንክን ሓለዋ ጽሬት ብዘይምርካብም ብዝሰዕበ ወጽኣት ናይ ዝቕተሉ ዘለዉ ህጻናት ቁጽሪ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ክንክላኸሎ ብእንኽእል ሕማም ዓሶ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪውን ግቡእ ቆላሕታ ዘድልዮ ጉዳይ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓያሎ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ከም ሕማም "ኤች.ኣይ.ቪ.-ኤይድስ ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት ሓያሎ ሰባት ቀዚፎም እዮም። ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዝተራእየ ተላባዒ ኮሮና ቫይረስ ዝፈጠሮ ሕማም ኮቪድ - 19 ንብዙሉ ብሚልዮናት ሰባት ቀዚፉ እዩ።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ብዙሓት ሰባት ዝቐትሉ ዝነበሩ ሕማማት ካብን ናብን ሰብ ዝላብዑ ረኽሲ ዝፈጥሩ ሕማማት እዮም ነይሮም። እዞም ሕማማትዚኦም ህዝባዊ ጥዕና ብዝገብሮ ቆላሕታን ተመራመርቲ ክይተሓለሉ ብዝገበርዎ መጽናዕትታትን፡ መድሃኒትን ክታብትን ክፈጥሩ ብምኽኣሎም፡ ኣብ ወዲ ሰብ ክፈጥርዎ ዝኽእሉ መቕዘፍቲ ክሽኪ ክኢሉ ኣሎ። በንጻሩ፡ ከም ሕማማት ልብን መሻኽርን ዝኣመሰሉ ካብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ቀንዲ ቀተልቲ ሕማማት ኮይናም ክጥቀሱ ክኢሉም ኣለው።

**ካብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት እንታይ እዮም?**

ዘይተመሓለፍቲ ሕማማት (Non Communicable Diseases - NCD) ዝበሃሉ ሕዱር ሕማማት ኮይኖም፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዘይመሓላለፉ፡ ቀስ ኢሎም ዝምዕብሉን ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑን እዮም። ብሰንኪ ካብ ንቡር መጠን ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ነዘዕታት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናት፡ ቀመማት፡ ምንዋሕ ዕድመን ካልኦት ለውጥታትን ናይ ኣካላት ዝኸስቱ እኩባት ሕማማት እዮም።

- ሕማም ልቢ፡ ሓንጎልን ልዑል ጸቕጢ ደምን፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ሕማም መሻኽር፡
- ሕዱር ሕማማት ዕንት እስትንፋስ (ንኣብነት ኣዝማ)፡
- ሕማም ሰኣንእምሮ፡
- መጉዳእትን ሓደጋን፡
- ሕማም ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ዓይንኒን ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።


ንዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘቃልዑ ካራት ብዙሓት እዮም። ብተፈጥሮ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም። ኣተኣብዮኣዊ ባህሪ፡ ምጥቃም ትምባኾን ፍርያቱን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ዘይቅርዑይ ኣመጋግባ ምዝውታር፡ ግዙእ ኣልኮላዊ ማስተ ምኳኑ ዘይተመጣጠነ ክብደትን ቁመትን ኣካላት ምውናን፡ ሰኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዘይምቅጽጻር - ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት እዮም። ምውሳኽ ዕድመን ማሕበራ-ቁጠባዊ ጸገማትንውን ነዞም ሕማማት ከም ዘጋድዱ ይንገር።

ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብቲ ዝፍለጡሉ ቀንዲ ባህርያቶም ኣብ ልዕሊ ግዳይ ዘውርድዎ ከበድቲ ኣካላውን ሰኣእምሮኣውን ሓልኪታት እዩ። ከም ሕማም ልብን ወቕዒ ሓንጎልን፡ ሕማም ኩሊት፡ ዕረት ዓይኒ፡ ሕማም መትንታትን ሰራውር ደምን፡ ምድኻም ስርዓት ምክልኻል ሕማማትን ረኽሲታትን ጭንቀትን ትሑት ርእሰ ምእላይን ከስዕቡ ይኽእሉ። ኣብቲ ግዳይን ቤተሰቡን እውን ከቢድ ማሕበራቁጠባዊ ተጽዕኖ ይፈጥሩ።

ኣብ 2021 ውድብ ጥዕና ዓለም ዘውጸኦ ጸብጻብ፡ ብዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝሞቱ ሞት 43 ሚልዮን ነይሩ። እዚ ምስቲ ዝበጽሐ ጠቕላላ ሞት ክጻጸር እንከሎ ኣስታት 70 ሚእታዊት ምኳኑ እዩ።

**ልዑል ጸቕጢ ደም**

ጸቕጢ ደም፡ ልቢ እንትጭመቕ ደም ጸቕጡ ወይ ሓይሉ ኣብ መናድቕ ደም ክዕቀን እንከሎ እዩ። ልቢ ተጨቢጣ ደም ክትጭመቕ እንከላ 'ሰስቶሊክ'፡ ክትዝርጋሕ እንከላ ድማ 'ዲያስቶሊክ' ደብሃል። ንቡር ጸቕጢ ደም ዝበሃል ብማእከላይ ግምጋም ኣስታት 120/80 mmHg እዩ።



መናድቕ ሰራውር ደም ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ደጸቡ እዮም። ኣብ ዝጸብሉ እዋን እቲ ብኾምብቑታቶም ዝሓልፍ ደም ከምቲ ዝድለ ስለ ዘይወሕዝ፡ ልቢ መላእ ኣካላት ዝጠልቦ ደም ከተማልእ ብሓይልን ብጸቕጥን ክትሰርሕ ትግደድ። ዝዩዳ ትዛልኽ፡ ኣብ ከምዚ እዋን ጸቕጢ ደም ኣብ ሻምብቆ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ይኸውን። ልዑል ጸቕጢ ደም ይገሃድ።

ልዑል ጸቕጢ ደም ፍሉጥ ምልክታት የብሉን። ኣብ ገለ ሰባት ግና - ሕማም ርእሲ፡ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ልዑል ህርመት ልቢ፡ ተምሳሰን ምፍሳስ ደም ብኣፍንጫን ዝኣመሰሉ ምልክታት ይረኣዩ እዮም።

ሓደ ሰብ ልዑል ጸቕጢ ደም ክህልዎን ከይህልዎን ናብ ትካል ጥዕና ከይዱ መርመራ ብምክያድ ጥራሕ እዩ ኣረጋጊጹ ክፈልጥ ዝኽእል።

ጸቕጢ ደምና ክንዕቀን እንከለና ልዑል ጥንቃቐ ምግባር የድሊ። ጸቕጢ ደምና ብቐሊሉ ስለ ዝጽሎ፡ ኣብ ግዜ ምዕቃን ኮፍ ክንብልን ኣብ ተዛ ክንዝሉን ይግባእ። ጸቕጢ ደም ብፍርሒ፡ ሓጎስ፡ ስንባደ ወዘተ ክጽሎ ይኽእል እዩ። ጨው ዘለዎ መግቢ ተመጊብካ ወይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣካይድካ ጸቕጢ ደምካ ምዕቃንውን ግቡይ እዩ።

**ሕማም ሽኮር**

ሓይሊ ዝህብ መግቢ ካርቦሃይድሬድ ኮይኑ፡ ኣብ ማስርሒ ምሕቃቕ መግቢ ተሰቢሩ ዋህዮታትና ክጥቀምሉ ናብ ዝኽእሉ ናብ መወዳእታ ደረጃ ናብ ግሉኮዝ ተዳቒቑ ንስራሕ ድሉው ይኸውን።

ኢንሱሊን ደማ ንቡር ዓቐን ሽኮር - ግሉኮስ ኣብ ደም ዝሕሉ ዓይነት ነዘዲ (ሆርሞን) እዩ። እዚ ነዘዲዚ ካብ ቀሰጠ (pancreas) ዝተባህለት ጸኪ ይዝበዕ። ጥዕና ቀሰጠ ምስ ዝሰናኸል፡ ነዘዲ ኢንሱሊን ደሰናኸል፡ ግሉኮዝ ደማ ተቓጺሉ ኣብ ጥቕሚ ዋህዮታት ኣይውዕልን። ስለዚ እቲ ዝጥዐአ ሓይልን መቐትን ኣይንረኽብን። ዓቐን ግሉኮዝ (ሽኮር) ኣብ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ይኸውን። ሕማም ሽኮር ይገሃድ።

ኣብ ዓለም ኣስታት 422 ሚልዮን ህዝቢ ሕማም ሽኮር ከምዝለዎምን ዓመታዊ ከኣ ልዕሊ 1.6 ሚልዮን ከም ዝሞቱን ይግመት።

**ምቁጽጻር ሕማም ሽኮር**

- ኣብ ፍወሳ ሕማም ሽኮር፡ እቲ ግዳይ ብዝዕቲ ሕማም እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ መሰረታዊ ነጥቢ እዩ።

- ሕማም ሽኮር ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ክትከናኸኖምግር ኩሓዊ ከም ዘይክእል ሕሙም ብጉቡእ ክርዳእ ይግባእ።

- ቀጻሊ ጽሬት ኣካላት ምክያድ። ጥራይ እግርኻ ዘይምንቅስቓስ። ቅድሚ ድቃስ ኣእጋር ብልቡጥ ማይ ምሕጻብን ምድህሳስን። ዓይነት ጫማ ምምራጽ። ጽፍሪ ኣጻብዕቲ ብጥንቃቐ ምስዳድ። ቀጻሊ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራታት ምክያድን የድሊ።

ሓደ ሕማም ሽኮር ዘለዎ ሰብ ብማእከላይ ግምጋም ካብ 1200 ክሳብ 2400 ከሎ ካሎሪ ኣብ መዓልቲ ክረክብ ኣለዎ። እዚ ምስ ጾታን ግዝፍን ኣካላት ደፈላለኺ እንተኾነ ተረኽበ ኢልካ ብዙሕ ምምጋብ ግና ንጥዕናኻ ማለሱ ከም ዝኸደእ ኣይትረስዕ።

ሓይሊ ዝህቡ መግብታት ከም ሩዝ፡ ፓስታ፡ ቅጫ፡ ባኒ፡ ጥያታ ወዘተ ዝኣመሰሉ መግብታት ዝበዝሐ ክፋል ዕለታዊ መግቢኻ ኣብ እዋን ቁርሲ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ እዋን ምሳሕን ድራርን ኣሕምልቲ ብብዝሒ ክትምገብ ተመራጺ ይኸውን።

ሕማም ሽኮር ሓደኛ ካብ ዝኾኑ ምኽንያት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምዃኑ እዩ። ሕማም ሽኮር ጠንቂ ኬቶ ኣሲዶሰስ (keto acidosis)፡ ዋሕዲ ሽኮር ኣብ ደም (hypoglycemia)፡ ሕማም ዓይኒ፡ ሕማም ኩሊት፡ ምቁራጽ መሓውር፡ ረኽሲ ኣሰናንን ግርጻንን፡ ምቑሳል ቀርበት፡ ሕማም ልብን ሓንጎልን፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልእን እዩ።

**ኣዝማ**

ሕማም ኣዝማ ሓደ ካብ ዓይነታት ሕዱራት ሕማማት ስርዓት ምስትንፋስ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ስርዓት ምስትንፋስ ማለት ጎርጎማን ንኡስ ጎርጎማን ምጽባብን ምጭብባጥን ኣኸቲሉ ዋሕዚ ኣየር ካብ ሳንቡእ ብንቡር ንኸይወጽእ/ ንኸይምለስ ዓጊቱ ጸቕጢ ወይ ዓጸረ ምስትንፋስ ዝፈጥር ሕማም እዩ።

ጠንቂ ሕማም ኣዝማ ክሳብ ሕጂ እዚ እዩ ክበሃል'ኳ እንተዘይተኻእለ፡ ብሕማም ኣዝማ ዝተጠቕዑ መብዛሕትኦም ሰባት፡ ነቲ ሕማም ዘበገሶም ብዙሓት ክፍልጡን ከለልዩን ብዘይምኽኣሎም ብተደጋጋሚ ግዳያት ይኾኑ እዮም። ሰጠ፡ በኹኸታ፡ ጉሓፍ፡ ትኪ፡ ብክለ ኣየር፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ጸምሪ እንስሳታት፡ ጸገ ኣግራብ/ ኣትክልቲ፡ ረኽሲ ስርዓት ምስትንፋስ ወዘተ ገለ ካብቶም ሕማም ኣዝማ ከለዕዕሉ ከም ዝኽእሉ ሓኪም ይሰማምዑ።

ሕማም ኣዝማ ጠቕሊሉ ክሓዊ ዘይክእል'ኳ እንተኾነ፡ ኣቐዲምካ ምልክታቱ ብምልላይ ክትቆጻጸር ይከኣል እዩ። ነቲ ሕማም ካብ ዘጋድሉ ካራት ምእላይ፡ ግቡእ መርመራ ብምኽያድ ግቡእ መድሃኒት ምውሳድ ይግባእ። እትድቕሰሉ/ እተዕርፈሉ ገዛ እኹል ኣየር ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ካብ ደርና ኣ ብምዃኑ ዝጥዑምን ዓይነት መግቢ ብምውሳድ ነቲ ሕማም ክትቆጻጸሮ ይከኣል እዩ።

**ሕማም መሻኽር (Cancer)**

መሻኽር ኣብ ኣካላት ወዲ ሰብ ካብ ንቡር ወጻኢ ምርባሕን ምዝርጋሕን ናይ ዋህዮታት ዝስዕብ ሕማም እዩ።

መሻኽር ፍሉጥ ጠንቂ ዘይብሉ ቀታሊ ሕማም'ኳ እንተኾነ፡ ካብቶም ካልኦት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝፈልዮ ሓደ ብኣግኡ ምልክታቱ ተለልዮን ተመርሚሩን ብግቡእ ምስ ዝሕከም ኩሓዊ ዝኽእል ምኳኑ እዩ።

ብደረጃ ዓለም ኣብ ዓመት ልዕሊ 8.8 ሚልዮን ሰባት ብመሻኽር ይቕዘፉ። ኣብ ዝማዕበላን ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባን ሃገራት ብፍላይ ቀንዲ ጠንቂ ሞት ብምዃን ኣብ ቅድሚት ይሰርዕ።

ጥረታት መሻኽር ተጓዳእትን ዘይተጓዳእትን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። እቶም ዘይጓድኡ ዓቓናም ንእሽቶ፡ ብዘይምታ ዝዕብዩ ብዙሕ ዘይስፋሕፍሑ፡ ፍሉይ ቅርጺ ዘለዎምን ብቐሊሉ ዝሕከሙን ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ተጓዳእቲ ጥረ ድማ፡ ብቕልጡፍ ዝዓብዩን ዝስፋሕፍሑን ብምዃኖም ዓቐኖም ኣዝዩ ገዚፍ ኢዩ። ብናህሪ ኣብ ኩሉ ኣካላት ዝስፋሕፍሑ ብምዃኖም ድማ ፍሉይ ቅርጺ የብሎምን። ክሕከሙ ድማ ኣዝዮም ኣሸጋርቲ እዮም።

ብመሻኽር ብቐሊሉ ክጥቅዑ ዝኽእሉ ኣካላት ወዲ ሰብ ሳንቡእ፡ ጸላም ከብዲ፡ ጡብ፡ መሕጡን ታሕተዋይ ክፋል ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ማህጸን፡ ፕሮስተይት፡ ደም፡ ቆርበት … ወዘተ እዮም።

ምጥቃምን ምቕላዕን ንትምባኾን ፍርያቱን፡ ኣልኮላዊ ማስተ፡ ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምዝውታር፡ ኣሕምልቲን ጸሕምን ዘለዎም መግብታት ብብዝሒ ዘይምውሳድ፡ ስኹግ መግብታት ቀመማትን ብብዝሒ ምውሳድ፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን፡ ቀጻሊ ንጨረርታ ብርሃን ጸሓይን ኤክስ ረይ (x-ray)ን ምቕላዕን ገለ ካብቶም ከም ጠንቅታት ናይቲ ሕማም ይረኣዩ።

ምልክታት ሕማም መሻኽር መብዛሕትኡ ግዜ ንጹራት ኣይኮኑን። በቲ ዝሓመመ ክፋል ኣካላት ድማ ይፈላለዩ። ብኡ ድማ ዓይነቶም ይልለዩ።

ዘይሓዊ ቁስሊ ወይ ረኽሲ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካላት ምስ ዝህሉ፣ ዘቋርጽ ሰዓል፡ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ብዙሕ ዓኽታ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ፣ መድመይቲ ኣፍንጫ፡ ካሪ ምህሳስ ኣፍንጫ፡ ምሕርዳድ ደምጺ፡ ሕበጥ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ክሳድ፣ ቃንዛን መድመይትን ድሕሪ ጾታዊ ርክብ፡ ዘይንቡር ጥረን ቃንዛን ኣብ ጡብ፡ ደምን መግልን ኣብ ኣፍ ጡብ፡ ገለ ካብቶም ቀንዲ ምልክታት ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት መሻኽር እዮም።

ብደረጃ ዓለም ቀተልቲ ተባሂሎም ኣብ ቅድሚት ተሰሪዖም ካብ ዘርከቡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት

- ሕማማት ልቢ
- ወቕዒ
- ሕዱር ሕማማት ሳንቡእ (Chronic pulmonary disease)
- ታሕተዋይ ረኽሲ ስርዓት እስትንፋስ (lower respiratory infection)
- መሻኽር
- ሕማም ረሰዕን ካልእ ሕማም እእምሮን
- ሕማም ሽኮር
- ሕማም ኩሊት
- ሕማም ቲቢ።

ኣብ ኣፍሪቃ ቀተልቲ ሕማማት ተባሂሎም ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ፡

- ታሕተዋይ ረኽሲ ስርዓት እስትንፋስ (lower respiratory infection)
- ሕማም ዓሶ
- ወቕዒ
- ሕማም ቲቢ
- ወጽኣት
- ሕማማት ልቢ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወዲ-ማጆር፡ ነጸብራቕ ጅግንነት ተጋዳላይ

ኣብ ታሪኽ ሃገርና፡ ዝተዋገረን ዘይተዋገረን ብዙሕ ቅያታት ከም ዝተሰርሐ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ምዕራፋት መኸተ፡፡ ኣብ ምድሪዛ ሕጂ ኤርትራ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ሃገር፡ ንዘመናት ዝሰፈረ ዝተፈላለዩ ናይ ዓመጽ ኩናት ሓሊፉም እዮም፡፡ እቲ ህዝቢ



ወዲ ማጆር

ብወገኑ ህላወ ትውልዱ ንምውሓስ ጸብጺብካ ዘይውዳእ ናይ መኸተ ጅግንነት እናመዝገበ ሓሊፉ፡፡ ንወራርን ዓመጽን ናይ ምምኻት ባህሊ ድማ ካብ ጥንቲ እናተወራረሰ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ዘመን ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናብ ጥርዚ ብራኸኡ ደየቡ፡፡ ቅድሚ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምጅማሩ፡ ብዙሕ ካብ ፖለቲከኛታት ኣቦታት ኤርትራ ዝሰርሕዎ ቅያታት ድሮ ክንገሩ ሰሚዕናን ኣብ ዝተፈላለዩ መጽሔታት ክስነዱ ጀሚሮም ንረኽቦም፡፡ ጉዳይ ኤርትራ ብኡ መንገዲ ሕጋዊ መዓልቦ ክረኽብ ብዘይ ምኽኣሉ ኸኣ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተሰጋጊሩ፡፡ ቅያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ኣብ ዘመን ዕጥቃዊ ቃልሲ ድማ ናብ ጥርዚ ብራኸ ዝደየቡሉ መድረኽ ኮነ፡፡

ኣብ ዘመን ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ





ዝተራእዩ ኣዝዮም ብዙሓት ሓርበኛታት፡ ሰውእ ተጋዳላይ ወዲማጆር ከም ሓደ ካብ መርኣያታት ጅግንነት ተጋደልቲ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ እንተተላዕለ ዝዓበዮ ኣይኮነን፡፡ እቲ ኣብዚ ቀረብ ዘሎ ዛንታ፡ ብብዙሓት ወዲማጆር ዝቐረበ ምስክርነት እዩ፡ ንሱ'ዩም ንብዕሉ'ዩም ካብ ንእሰነ'ዩም ጀሚሮም ዕድመኦም ኣብ ምግዳል ዘሕለፉ ጀጋኑ እዮም፡፡ ኣብቲ ወዕዩን ዝሓለፈን ኮነታት፡ ኣካላት ተጋዳላይ ወዲማጆር 29 ግዜ ብጥይትን ስኬጅን ተተረብሐ ክነሱ፡ "ክሳብ እስትንፋሰይ ትሓልፍ ወላ ትልኽ እናበልኩ ንሃገርይ ከበርክት'የ፣ ብጾተይ ኣየግድፎን'የ፣ ክድግፎም'የ!" ክብሎም፡ ንሱ'ዩም ድማ "ኣይፋልካ! ሕጂስ ኣዕርፍ ይኣኽለካ!" እናበሉ ክዕቅብዎ ዝተረባረቡ ማሰኻኸር እዮም፡፡

ሰውእ ተጋዳላይ ወዲማጆር፡ ካብ ኣቦኡ ሻምበል ካሕሳይ ገብረሂወትን ካብ ኣደኡ ኣስመረት ገብረጻድቕን ብ30 ሕዳር 1957 ኣብ ዓዲፈለስቲ (ዓዲ ወላዲቱ) ተወልደ፡፡ ንመበቆል ዓዱ ኣማድር ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ጥራይ እዩ ተቐሚጡዋ፡፡ ወላዲኡ ሻምበል ካሕሳይ ፖሊስ ስለ ዝነበረ፡ ብስራሕ ናብ ዝተንቀሳቐሶ ከበቢታት ኤርትራ ስድራቤቱ ሒዙ ይግዕዝ ነበረ፡፡ በዚ ምኽንያት ወዲማጆር፡ ኣብ ዓመትን መንፈቕን ዕድሚኡ ምስ ወለዱ ናብ ኣስመራ ኣተወ፡፡ ኣብ ግዜ ኣውደኣመት ሳሕቲ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ መበቆል ዓዱ ኮፍ ኢሉ ኣይፈልጥን፡፡

ወዲማጆር ቀንዲ መጸውዒኡ፡ ግርማይ ካሕሳይ እዩ ዝበሃል፡፡ ስም ጸጋ ጥመቀቱ ድማ ተኽሊማርያም፡፡ ንኪጋደል ናብ ሰውራ ክወጽእ ከሎ ግን ስሙ ቀይሩዎ፡፡ ነታ ብወለዱ ዝተዋደለቶ ግርማይ ትብል ስም ብ ዳዊት ቀይሩዋ፡፡ እዛ ዳዊት ትብል መጸውዒ፡ መጀመርታ ንሜዳ ክወጽእ ክበገስ ከሎ ዘመዝገባ እያ፡፡ ስለምንታይ ከምኡ ገይሩ? ወዲማጆር ኣይምልሳን እዩ፡፡ ምናልባት ናይ ቀልዓ ነገር ባህ ኢሉዎ ትኸውን፡፡ ሽዑ ብኸምኣ ምስ ኣመዝገባ ኣኽሊላ ንግርማይ ተኪኣ ለጊባቶ፡፡ ግን፡ ዝጠዝሐ ተጋዳላይ ብ "ወዲማጆር" እዩ ዝፈልጦ፡፡

ወዲማጆር፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ እንዳ ገብርኤል ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ጀመረ፡፡ ኣቦኡ ናይ ሓለቓ ሚእቲ መዓርግ ምስ ረኸበ ኣብ ሓዝሓዝ ገዛ ስለ ዝተዋህበ ስድራቤቱ ሒዙ መንበሪኡ ቐየረ፡፡ ወዲማጆር'ውን ካብ እንዳ ገብርኤል ናብ እንዳ ስላሰ (ዕዳጋ ሓሙስ) ቤት-ትምህርቲ ቐየረ፡፡ ፖሊስን መማህራንን ሓደ ቀዋሚ ቦታ ስራሕ ስለ ዘይነበሮም፡ እቲ ምቅይያር ስራሕ ቀጸለ'ሞ፡ መቶ ኣለቃ (ሓለቓ ሚእቲ) ሕጂ'ውን ናብ ባጽዕ ተቐየረ፡፡ ይኹን'ምበር ስድራቤቱ ካብ ዝጸንሕዎ (ኣስመራ) ኣየንቀሳቐሶምን፡፡ ካብ ባጽዕ እናተመላለሰ ክከታተሎም ጀመረ፡፡

ወዲማጆር ኣዝዩ ወዑይ ቆልዓ ስለ ዝነበረ፡ ኣቦኡ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝቐጸሉ ግዜ ካብ ትምህርቲ እናብኩረ ነዴኡ የሸግራ ነበረ፡፡ ካብ ምምሃር ምብኳር ጥራይ ከይኣክል ኣብቲ ቤት-ትምህርትን ካብኡ ወጻእን ረብሻ ስለ ዘብዝሐ ኣደኡ ናብ ኣቦኡ (ናብ ባጽዕ) መልእኽቲ ሰደደት፡፡ ሻምበል ካሕሳይ (ሽዑ ሓለቓ ሚእቲ) ድማ ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ንዕረፍቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ብዝግባእን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብቖልፊ ብምህራም ኣደብ ክትሕዞ ይፍትን ነበረ፡፡

ሻምበል ካሕሳይ፡ ኣብ ባጽዕ ዝጸንሓሉ ናይ ኣገልግሎት ግዜ ምስ ኣኸለ'ውን ካብኡ ብ1973 ስድራቤቱ ሒዙ ናብ ሰገነይቲ ተቐየረ፡፡ ኣብ ሰገነይቲ ንደቁን ሓዳሩን እናተቈጻጸረ ክሰርሕ ምሉእ ተስፋ ገይሩ'ኳ እንተ ነበረ፡ ግን ቆልዓ ኣይተኻእለን፡፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙናት ኣብታ ኸተማ ምስ መዛናታቱ ተላልዩ ጉጅለ ኣዕሩኽ መስረተ፡፡ ኣብ ሰገነይቲ ምቕማጥ ካብ ዝጀምሩ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ድማ ወዲማጆር ካብ ዓይኒ ወለዱ ተሰወረ፡፡ ኣብ ጥቅምቲ 1973 ካብታ ስድራቤት ጠፊኡ ምስ ኣዕሩኽቱ ንኪጋደል ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ኣምርሐ፡፡

ኣብ ምጅማር 1970ታት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ከባቢ ኣኸሩር፡ ሰሊድን ዓላን ትንቀሳቐስ ስለ ዝነበረት፡ ኣብቲ ኸባቢ ናይ ዝነበሩ ዓድታት መንእሰያት ብቐረባ ክጽለዉ ከኣሉ፡፡ ወረ ህዝባዊ ሓይልታት እናገዘፈ ዝዀበየሉ ዓመታት ስለ ዝነበረ፡ 'ኣነዶ ካብ ብዓል እገለ ድሕሪት ክተርፍ!' እናተባህለ ቀዲሙ ናብ ገድሊ ዝሓለፈ መንእሰይ ነቲ ዝደሓረ ዝስሕበሉን ዘውሕዘሉን ግዜ እዩ፡፡ ብኸምዚ ኣገባብ መንእሰያትን ቆልዑን መዓልታዊ ብጅምላ ንኪጋደሉ ይኸዱ ነበሩ፡፡ ወዲ ማጆር'ውን ኣብ 15 ዓመትን ትሽዓተ ወርሕን ዕድሚኡ ራብዓይ ርእሱ ካብ ሰገነይቲ ንሜዳ ወጸአ፡፡

ካብቶም ምስኡ ንሜዳ ዝተበገሱ ኣዕሩኹ፡ ኣማረ ተኽላይ፡ ኣፈወርቂ ምኪኤል፡ ሓጎስ ምሉጌታን ወዲማጆርን ዘይፈላለዩ ካብ ከተማ ሰገነይቲ ዝቐሉ ኮይኖም፡ ተኽለ ብላቱ፡ ገብሩ ዕቑ፡ ግርማይን ፍስሃ ጸጋይን ድማ ካብ ከተማን ከባቢ ዓድታትን ተኣኻኺቦም ሓቢሮም ናብ ሜዳ ንምውራድ ንኸተማ ደቀምሓረ ኣተዉ፡፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ሓደ ኣሮን ዝተባህለ ተለኣኣኺ ናይ ተጋደልቲ ተቐበሎም፡፡ ኣሮን ንተሰለፍቲ ክረኽቦም ከሎ፡ ዝያዳ ምስ ኣማረ ተኽላይ ይዘራረብ ነበረ፡፡ ኣሮን ምስ ኣማረ ተኽላይ ድሕሪ ምዝርራብ፡ ከኣቶም'ቶም መንእሰያት ኣብ ቤት-ሻሂ ኣፍሪቃ ክራኸቡ ምስ ናይ ግዜ ቆጸራ ተፈላለዩ፡፡

ከም ቆጸራኦም ኣብታ ቤት-ሻሂ ድሕሪ ምርኻቦም፡ ኣሮን ነቶም ኣጋይሽ መሪሑ ካብታ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ዝነበረት ከተማ ደቀምሓረ ኣውቶቡስ ኣሳፊሩ፡ ኣበይ ምስ በጽሑ ካብታ ኣውቶቡስ ክወርዱ ከም ዘለምምን ናበይ ኩቦሉ ከም ዘለምምን ሓበሬታ ኣሲኺ ናብ ሱሓርቲ ኣፋነዎም፡፡ እቶም ኣውዓት ካብ ብዓል ኣሮን ተፋንዮም ብኣውቶቡስ ተጓዒዞም ኣብ ከባቢ ዓዲሓውሻ ወሪዱ'ሞ፡ ኣብኡ ንብዓል ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ (ጀነራል ፍሊጶስ)ን ወልደንከኤል ሃይለን ካልኦትን ረኸቡ፡፡

ካብቶም ተጋደልቲ ኣድላዩ ሓበሬታ ምስ ወሰዱ፡ ኣንፈት ጉዕዞኦም ብጸሎት ኣብሎም ብሸከበ ባር-ድርፎ ቀሪጾም ብሊየቲ ናብ ድርፎ ወረዱ፡፡ ካብ ድርፎ ናብ ኅቦ ርእሲ-ዓዲ ብምድያብ ብባሕሪ ናብ ግርግር ሳሕል ወረዶም፡፡

ብመሰረት ተዘክሮ መሳልፍቲ ወዲማጆር ተጋዳላይ ኣማረ ተኽላይ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣወዳድባ ህዝባዊ ሓይልታት ሸውዓተ ሓይልታት ነበራ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ 45 ዓቕሚ ሰብ ነይሩዋ፡፡ ብተወሳኺ፡ ፈዳኢን ናይ ሰሜን፡ ፈዳኢን ናይ ከበሳ ዝበሃላ ገለ ናይ ክፍልታት ኣካላትን ተወዲቡ ጸኒሖም፡፡ ምስተን ኣብ ከበሳ ክንቀሳቐሳ ዝጸንሓ ክልተ ሓይልታት ብምጽንባር ከኣ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ናብ ሳሕል ወሪዶም ኣብ ክፍሊ-ታዕሊም ገርግር ኣተዉ፡፡

ኣካላውን ፖለቲካውን ትምህርቲ



ኣቦይ ሻምበል ካሕሳይ

ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምዝዛሞም እውን ኣብ ሓይልታት ተመደቡ፡፡ ወዲ-ማጆር ከኣ ኣብ ሓይሊ ወዲ-ፈንቅል ተመደበ፡፡ ኣብ መጀመርታ 1974 ሓሙሽተ ሓይልታት ካብ ሳሕል ናብ ከበሳ ይወጽኣ ስለ ዝነበራ፡ ወዲማጆርን ኣማረ ተኽላይን ዝርከቡዎም ካብቶም ብሓደ ንሜዳ ዝወጽኡ ኣዕሩኽ'ውን ምስኣተን ናብ ከበሳ ወጽኡ፡፡

ሽዑ፡ እቲ ተጋዳላይ እኹል ዕጥቂ ብረት ኣይነበሮን፡፡ በዚ ምኽንያት፡ ብዓል ወዲማጆር ምስ ተዓለሙ ቀጥታ ከምቲ ዝተመደቦ ዕጥቂ ብረት ኣይተዓደሉን፡፡ ኣይኮነን ንሱ'ዩም ንኣሸቱ ብዕድመን ተመኩሮን፡ ክንደይ ኀበዘ'ውን ክሳብ ካብ ጸላኢ ጠበንጃ ተማሪኹ ዝርከብ በትሪ ሒዛ ትጓዓዝ 'ጃል' ነይራ እያ፡፡ ኣብ ከበሳ ምስ ወጽኡ ግን ብዓል ወዲማጆር'ውን ኣብቲ ምስ ጸላኢ ዝተገብረ ዝበረ ግጥማት ተማሪኹ ካብ ዝተረኽበ ብረት ዓጠቑ፡፡

ሓይሊ ወዲ ፈንቅልን ካልኦት ኣሃዱታትን ኣብ ከባቢ ካርነሽም ይንቀሳቐሳ ኣብ ዝነበራሉ ግዜ፡ ከበድ ውግእ ሕድሕድ ኣጋጠሞም፡፡ ግን፡ ውግእ ወኪ!ዮገር ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ዘውረዶ ክሳራ መሪርን ዘይጽወርን ነበረ፡፡ ውግእ ሕድሕድ ስለ ዝነበረ ሞት ሕጹይ ኣይብዝዕለ ኣይውረያሉ ደኣ ኹይኑ'ምበር፡ ኣብኡ ዘጋጠመ ማስዋእቲ፡ ካብ ማስዋእቲ ተራ ተጋደልቲ ንላዕሊ ዝያዳ ኣብ መሪሕነቲ ሓይልታት፡ ጋንታታትን ናይ መስርዕን ይበዝሕ፡፡ መሪሕነት፡ መራሒ ሓይልን ጋንታን ጥራይ ኣስታት 60 ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰዊኦም፡፡ ብዓል ኩፍ፡ ሳልሕ ጠጠው፡ ኣብርሃም

ዓንደ፡ ወዲፈንቅል፡ ኪዳነ ተፈሪ (ኪዳነ ኅበዘ) … ፡፡ ኣብዚ ውግእ'ዚ ወዲማጆር ከም ሓደሽ ተጋዳላይ ከይተጋሸን ከይተዳህለን ብትብዓት ተዋጊኡ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ሰለፉ ብኸበድ ቆሰሉ ካብ ብጾቱ ድሕሪት ስለ ዝተረፈ ብጀብሃ ተማረኸ፡፡ ኣባላት ጀብሃ ካብኡ ኣልዒሎም ናብ ታሕቼቕ (ቤት-ማእሰርቲ ጀብሃ) ባርካ ኣውረዱዎ፡፡

ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ጀብሃ፡ ሓደት ዘይኮኑ ዜጋታት ተኣሲሮም ጸኒሖም፡፡ ሰራዊት ተመሃሮ፡ ምልሻ፡ ጀማሂርን (ኣባላት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር) ካልኦትን ተጨወዮም ዝተኣሰሩ፣ ከምኡ'ውን ምሩኻት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብኡ ነበሩ፡፡ ወዲማጆር ከኣ ሓደ ካብ ምሩኻት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኮይኑ ምስኦቶም ብጽንዕ ተታሕዘ፡፡ ወዲማጆር፡ ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ንመርመራታት ኣብ ዝቐርበሉ ዝነበረ ግዜ፡ ነቶም ዝሓትዎ ዝነበሩ ተደጋጋሚ ይጻረፎም ስለ ዝነበረ ብዙሕ ግዜ ይግረፍ ነበረ፡፡ ኮነታቱ ዝተዓዘበን ብእኡ ዝተደናገጸን ሓደ እሱር ጀማሂር ህዝባዊ ሓይልታት፡ "ካብ ሰቐ ኢልካ ትግረፍ ክጋደል'የ ምሳኹም ኢልካ ኣእምኖም'ሞ፡ ድሕሪኡ ሓሳብ ልብኻ ትገብር" ኢሉ ኣማኸሮ፡፡ ወዲማጆር'ውን ነቲ ዝተመኽሮ ሓሳብ ተቐቢሉ ምስኦቶም ክጋደል ምዃኑ ኣረጋጊጹሎም፡፡ ሳላ ከምኡ ዝገበረ'ውን ከም ናጻ ተጋዳላይ ኣብቲ ቦታ ኣባል ሓለዋ ሰውራ ናይ ተሓኤ ገይሮም መደብዎ'ሞ ብናጽነት ክንቀሳቐስ ጀመረ፡፡

ወዲ ማጆር፡ ኣብ መዓስከር ቤት-ማእሰርቲ ጀብሃ ኣባል ኮይኑ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ጸንሐ፡፡ በቲ ግዜ'ቲ ኣብ ርሱን ዕድመ ስለ ዝነበረ፡ መንገዲ ተጓዒዙ ዘይደኽም ምሉእ ሓይሊ ነይሩዎ፡፡ እቶም ኣባላት ተሓኤ ብኸምኡ ግዲ ንመገሻ ብዚሖም፡ ናብ ከበሳ ጦፍ ኣበሉዎ፡፡ ምስ ገለ ተጋደልቲ ተሓኤ ካብ ባርካ ነቒሎም ናብ ከበሳ ኣምርሑ፡፡ ድሕሪ ናይ ኣሰታት ሓደ ሰሙን ጉዕዞ ዓዲ ጉብራይ ኣተዉ'ሞ፡ እቶም መኻይዱ ንወዲማጆር፡ "በል ከድ ኣብዚ ግዝወቲ ኣጋይሽ መጺእና ኣለና ድራር ኣልኩም ንኣደረ ንኹልና በሎም" ብምባል ክልእኩዎ ፈተኑ፡፡ ወዲማጆር ግን፡ "ክእለት የብለይን እዚ ቅርጺ ናደዚ ዓዲ ኸኣ ኣይናገሩኒ ኣሎ" ኢሉ ብምምኽናይ ሓንገደ፡፡ እቶም ተጋደልቲ ኳደረ ክረኽቡ ኣብኡ ገዲፎሞ ምስ ከዱ ኸኣ ወዲማጆር ናይ ልቡ ገበረ፡፡ ካብቲ ዓዲጉብራይ ሃዲሙ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ክረክብ ናብ ደባርዋ ገጹ ኣምረሐ፡፡

ይቕጽል

# ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

ሕሉፍ ታሪኽ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ዝምንኮር ወይ ቂምን ጸልኢን ንምትራፍ ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ፡፡ ብኢጋጥሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግብኦ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብጸምቍ ዝበለ ንኣንበብቲ ተቕርብ፡፡

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተሰናደአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ. ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ዘሰፈረቶ ብስሉሙን በርሀ እተዳለወ ጽሑፍ ኮይኑ፡ ንኣሽቱ ምትዕርራያት ተገይሩሉ ከምዝለ ንሕብር፡፡ መጽሓፍ "ግፍዒ"፡ ኻብዚር ደራሲ ተስፋዬ ገብርኣብ "ጃንሆይና ደርግ" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝተርጎማ፡ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ፍርያት ኣሕተምቲ ሕድሪ እያ፡፡

### ግፍዒታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ

ኣብ ባህሊ፡ ስርዓተ ኣኻብብራን ያታዊ ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቝ ምርምር ዘካየደ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ወሩይ ኢጣልያዊ ተመራማሪ ታሪኽን ሰዛሰብን ኮንቲ ሮሲኒ፡ ኣብ ዓድታት ኤርትራ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ሕግታት እንዳዓፀ ስርዓተ ምንባብርን ብዕምቈት ድሕሪ ምፅዛብ፡ ንባህልን ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ "Guardia senza armi" (ዋርድያ ብዘይ ብረት) ክብል ብኣድናቖት ገሊጽዎ፡፡ ብርግጽ ድማ ዓድታት ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኸን፡ ጠበንጃ ይኹን ፖሊስን ኣኽበርቲ ጸጥታን ከየድለየን፡ ህዝበን ብሕግታት እንዳብ እናተዳደረን ንፍትሒ እናተማእዘዘን ብስልጡን ኣገባብ፡ ኩሉ መዳያዊ ኮማዊ ህይወትን መሬታዊ ጸጋታትን ዘመሓድራ ዝነበራ ሰላማውያን ዓድታት እየን ነይረን፡፡

ኣብ ማእከላይ ዘመን፡ ኣብዚ ሕጂ ኤርትራ ዝበሃል ዘሎ ከባቢ (ብናይ ቅድም ኣጸዋውዓ ምድሪ-ባሕሪ ወይ መረብምላሽ) ከምኡውን ኣብ ስግር መረብ፡ ከምኡ'ውን ሱዳንን ግብጺን ዝነበሩ፡ ሰፊሕ ቦታታት ንምቊጽጻር ወራራት ዝፍጽሙ ዝነበሩ፡ ዝሒፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝውንኑ ንጉሳውያን ኣይነበሩን፡፡ ህዝቢ መረብ ምላሽ በበኸባቢኡ ብንኣሽቱ ሹመኛታትን ቆጸሊ ብዘውደቕሉም መራሕቲን ንያታዊ ሕግታቱ ተማእዚዙ እዩ ዝመሓደር ዝነበረ፡፡ ኣብ መንጎኦም ንወሱን ከባቢታት ዘመሓድሩ ሹመኛታት ምድሪ ባሕርን መረብ ምላሽን ሓሓሊፉ ዝኸሰት ግጭትን ምጥቕቓዕን እኳ እንተነበረ፡ ዝበዝሕ እዋን ግን ዝምድናን ርክባትን ዓድታት ሰላማዊ'ዩ ነይሩ፡፡ እዚ ዓይነት ያታዊ ደሞክራሲያዊ ምሕደራ'ዚ፡ ብሓደ ወገን ንዕብለላን ሕሉፍ ምልኪን ዕድል ዘይህብ ስልጡን ኣካብብራ እኳ እንተኾነ፡ ዓቢ ድኽመት ግን ነይሩዎ እዩ፡፡ ኣብዚ ከባቢ ዝሒፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝውንኑ ሓያላን ነገውቲ ክፍጠሩ ዘይምኽኣሎም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን ግዳማውያን ሓይልታት ካብ ዝቃልዕ ምኽንያታት ሓደ እዩ፡፡

ናይዚ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት'ዚ ቀንዲ ደራኺ ረቛሒ፡ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣን ጥሞሞም ባሕርን ኤርትራ እዩ፡፡ በዚ ድማ፡ ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ይኹኑ፡ ናይዚ ዞባ ተወዳደርቲ ንግስነታት፡ ነዚ ስትራተጂያዊ ቦታ'ዚ ንምቊጽጻር፡ ተደጋጋሚ ወራራት እናፈጸሙ፡ ግዝኣቶም ንምርጋጽ ተቓውሞ ደቀቦት ንምጭፍላቕን ከምኡ'ውን ህዝቢ ንምርዓድን ምሸባርን ቀጠባዊ ዓቕሙ ንምርማሽን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ብዙሕ ግፍዒታት ፈጺሞም እዮም፡፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓመጽን ጎሽን ዘይፈቲ፡ ብሕግን ስርዓትን ምንባር ዝለማዱ ዘይናቱ ዘይምን ስልጡንን ኣዝዩ ሰላማዊን ህዝቢ ብምዃኑ፡ ኣብ ታሪኹ "ተወሪሩ" እምበር "ወሪሩ ዝብል ዛንታ ኣይርከቦን፡፡ እዚ እናኾነ ግን ብናይ ግዳም ወረርቲ ማእለያ ዘይብሉ ዓመጽን ግፍዒን ዝወረዶ ህዝቢ'ዩ፡፡

### ድሕሪ ባይታ

መሬት ኤርትራ ዝረገጹ ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ካብ ቱርኪ ጀሚርካ፡ ግብጺ፡ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ግዝኣቶም ንምርግጋጽ ንምጥዕዳደን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ግፍዒታት ፈጺሞም እዮም፡፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጽእ'ሞ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀስ "ግዝኣት ቱርኪ" ዝብል ሓረግ፡ ንጭካነ ቱርካውያንን ወከልቶም ግብጻውያንን ዘመልክት እዩ፡፡ ጣልያንን እንግሊዝን እውን ብተመሳሳሊ ግዝኣቶም ንምውሓስ፡ ዕላማታቱ፡ ዓይነቱ፡ መጠኑን ስፍሓቱን ዝፈላለ በበዓይነቱ ግፍዒታትን በደላትን ፈጺሞም እዮም፡፡ ሓደ ካብቲ ብምስክሕካሕ ዝዝከር ናይ ገዛእቲ ጣልያን ግፍዓዊ ተግባራት፡ እቲ ብርቱዕ መቕት ኣብ ዘለዎ ደሴት ናኹራ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ቤት ማእሰርቲ እዩ፡፡ ኢጣልያውያን ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ'ዚ፡ ግዝኣቶም ኣብ ልዕሊ ዝተቓወሙ ሹመኛታትን ዜጋታትን ኤርትራ ጭካነ ዝመልኦ ተግባራት ይፍጽሙ ምንባሮም ናይ ሸው ሰነዳት ይምስክሩ፡፡



ቤት ማእሰርቲ ደሴት ናኹራ

ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ እዚ ከባቢ በብግዜኡ ዝተቘጻጸርዎ ገዛእቲ ዝፈጸምዎ ግፍዒታት፡ ምርምር ብምክያድ ምስናዱ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ትኩረት ግን፡ ናብቲ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቐንዱ ካብ 1961-1991፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመስል ርእሰ ውሳነ ክጭፍልቑ ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቐ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፈጸምዎ ባርባራዊ ግፍዒታትን ሰፊሕ ናይ ኩናት ገበናትን ዘምልከት እዩ፡፡ ከም መእተዊ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ፡ ኣብ ማእከላይ ዘመን ነገስታት ኣቢሲንያ፡ ሩባ መረብ እናሰገሩ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሕጂ ኤርትራ ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዒን በደላትን ብሕጽር ዝበለ ምርኣይ፡ ነቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ዝተራእየ ኣረሜንነት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝደረኸ ጽንኩር መስፍናዊ ባህሊን ኣተሓሳስባን፡ ጨካንን ዓማጺን ባህርያት፡ ንምርዳእ ሓጋዚ ስለዝኾነ ከም ድሕሪ ባይታ ኣሕጽር ኣቢልካ ምጥቃሱ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡

### ገለ ካብ ግፍዒታት ገዛእቲ ኣቢሲንያ

ኣብ መፋርቕ 16 ክፍለዘመን፡ ንጉስ ኣምሓራ ሃጼ ሰርጸድንግል፡ ኣብ መወዳእታ 17 ክፍለዘመን ድማ፡ ቀዳማዊ ኢያሱ፡ ሩባ መረብ ሰጊሮም ብምውራር፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ዓድታት ከባቢ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ህዝብታት ናራ፡ ኩናማን በንዖምር፡ ሰፊሕ ናይ ቅንጸላ ተግባርን ብዙሕ ራሲያን ፈጺሞም ሓያሎ ዓድታት ኣንዲዶም፡ ብዙሕ ጥሪት ዘሚቶም ንብታኦም ከምእተመልሱ ይፍለጥ፡፡

ኣብ 1830ታት፡ ንበጌምድር (ሰሜን)ን ትግራይን ዝገዝእ ዝነበረ ደግያት ወቤ፡ መረብ ተሳጊሩ፡ ንሓያሎ ዓድታት ከበሳ፡ እምኩሉ፡ ባጽዕ፡ ሕርጊጐ፡ ምድሪ ኩናማ፡ ናራ፡ ሳሕልን ሰንሒትን ብምውራር ዓድታት ኣንዲዱ፡ ንብረተንን ጥሪተንን ዘሚቱ፡ ብዙሓት ቆልዑን ኣንስቲን ብጊላት ከምዝወሰደ፡ ጭካነኡ ድማ መዳርግቲ ከምዘይነበሮ ይዝንቶ፡፡ ክሳብ ገረሰ ቆሎ ኣብ እዝኒ ሰባት ብምእታው ኣእዛኖም ከምዝጸሙ ይዝበር፡ ብምንባሩ ድማ፡ "ብዘመን ወቤ ዝጸመማ፡ ወቤ ክብል ነበረ" ተባሂሉ ክሳብ ሕጂ ይምሰል ኣሎ፡፡

ኣብ 1879 ንጉስ ኣቢሲንያ ሃጼ የሃንስ፡ ብራእሲ ኣሉላን ካልኦት መራሕቲን ዝእዘዝ ብዙሒ ዝበሮ ደርሆኛ ሰራዊት ናብ ዓድታት ከበሳ፡ ምድሪ ሳሆ፡ ናራን ኩናማን ሓባብ፡ በንዖምር፡ መንሳዕ፡ ደንከል ደጋጊሙ እናዘመተ፡ ብዙሕ ህልቂት ከምዘፈጸመን ዓድታት እናቃጸለ ናብ ሓሙኽሽቲ ከምዝቐየረን ብዙሕ ንብረትን ጥሪትን ከምዝዘመተን ከምዝዘረፈን ይፍለጥ፡፡

ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ኩሉ ተደጋጋሚ ዝምታን ራሲያን ሰቕ ኢሉ ይዕዘቦ ኣይነበረን፡፡ ብዓቕሙ ምስቲ ሸፍ ሰራዊት ብጅግንነት እናገጠመ ክከላኸል ይፍትን ነይሩ እዩ፡፡ እቲ ንቕድሚኡ ባህሉ ዝምንዑ ዝዘረፈ ንባዕሉ ዝወሰደ፡ ካብ ሸፍታ ዘይፍለ ሸሸ ደርሆኛ ሰራዊት ግን ልዕሊ ዓቕሙ'ዩ ዝነበረ፡፡ ወራር ወቤ ንምዕጋት ኣብ 1842 ዝተኻየደ ብዙሓት ባሕሪ ነገስታት መረብ ምላሽ ምስ ደቆምን ህዝቦምን ብጅግንነት ዝወደቑሉ ግጥም ሩባ በሎ፡ ብ20 ግንቦት 1878፡ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን ናይ ሃዘጋ ምስ ራእሲ ባርያኡ (ኣባጋላ) ዝመርሖ ሰራዊት ሃጼ የሃንስ ኣብ ኣስመራ ገጢሙ ንራእሲ ባርያኡ ዝቐተለሉ ዕወት ግጥም፡ ኣብ 1888 መሳፍንቲ ኣድያቦ ወልቃይትን ራእሲ ኣሉላን ንዓድታት ናራን ኩናማን ደጊሞም ኣብ ዝዘመትሉ፡ ህዝቢ ናራን ኩናማን ንገለ ክፋል ናይቶም ኻፍጠኛታት ኣብ ከባቢ ኣምባልኮዳ ኣብ ድብያ ኣእትዩ መላስ ወረ ዘይብሎም ዝደምሰሰሉ ፍጻመ፡ ህዝቢ ሳሆ ኣብ ቃብና፡ ቃርቡሳን ዓሊ-ገድን ኣንጻር ሰራዊት ኣሉላ ዘካየዶ ውግኣት፡ ህዝቢ ዓፈር ድብያ ኣዳልዩ ብምጽናሕ ንደግያት ዋህድ ቀቲሉ፡ ዝተራሰየ ጥሪቱ ዝምለሰሉ ስርሒት ገለ ካብ መርኣያታት ናይቲ ዝነበረ መኸተ እዩ፡፡




ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን

በዚ ተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን እቲ ብህርኩትናኡን ሃብቱን ጥሪቱን ዝድነቕ ጻዕረኛ ህዝቢ ኤርትራ ሓረሱ ዘፍረዶ ምህርቲ፡ ኣንስሱ ዘፍረያን ጥሪትን መጽዋዕቶን እናተዘምታ ንሕሱም ጥሜትን ድኽነትን እናተቓልዐ ሰላምን ቅሳነትን ዘይብሉ ህይወት የሕልፍ ነበረ፡፡ በዚ እናሻዕ ዝፍጸም ዝነበረ ጃምላዊ ህልቂትን ቅንጸላን ከምኡ'ውን በቲ ኣብ 1888 ዝተኸሰተ ደርቂ ብዙሕ ህዝቢ ብጥሜትን ዓጸቦን ስለዝረገፈ፡ ድማ ጣልያን ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን ብዙሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ኣንቈልቍሉ ነበረ፡፡ ጣልያን ናብ ኤርትራ ክኣቱ እንከሎ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ 191,000 ጥራይ ምንባሩ ናይ ሸው ሰነዳት የመልክት፡፡ እዚ ኣሃዝ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን ሰቡን ጥሪቱን ንብረቱን ባዲሙ፡ ዳርጋ ናብ ምጽናት ተቓሪቡ ምንባሩ እዩ ዘመልክት፡፡

### ዘሕፍር ዛንታ ኣብ ሓደ ክቡር ታሪኽ

ኣብ መጋቢት 1896፡ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ሃጼ ምኒሊክ ናይ ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ታሪኻዊ ውግእ ዓድዋ፡ 'ዘመናዊ ሰራዊት ኤውሮጳ' ብቲ 'ድሑር ሰራዊት ኣፍሪቃ' ዝተሳዕረሉ እኹ ውግእ እናተባህሉ ሓበን ናይ ጸለምቲ ኮይኑ ብኽብሪ ዝጥቀስ ፍጻመ እዩ፡፡ ኣብዚ ግጥም'ዚ፡ ካብ ኢጣልያ 6,000 ዝኾኑ (ኢጣልያውያንን ካብ ዝተፈላለያ ግዝኣት ሃገራት ዝመጹ ዓሳክርን) ክሞቱ እንከለው፡ 1,800 ድማ ተማሪኾም፡፡ ካብቶም ዝተማረኹ እቶም 1200 ኤርትራውያን ዓሳክር ጣልያን ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ምሩኻት ድማ ዝበዝሑ ኢጣልያውያን ነበሩ፡፡ ድሕሪ'ቲ ውግእ፡ እቶም ጸዓዱ ምሩኻት ናጻ ተለቒቖም ብኽብሪ ንመንግስቲ ጣልያን ክረከቡ እንከለው፡ ኤርትራውያን ዓሳክር ጣልያን ግን፡ የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ክቑረጽ ተፈሪዱ፡፡ በዚ ኩነታት ኣብ ሰር ዳዕሮ መሓውሮም ኣንበርም፡ ሓሓደ ኢዶምን እግሮምን ብኣዝዩ ዘሰቅቕ ኣገባብ ብፋስ ክቖርጽዎም ጀመሩ፡፡ እቲ ዝተቘረጸ መሓውር ምእንቲ ከቕምርር ኣብ ሽረኽረኽ ዝብል ወዑይ ዘይቲ የእትውዎ ምንባሮም ይዝንቶ፡፡ ኣብ ጎደኒ ሰራዊት ምኒሊክ ተሰሊፎም፡ ኣንጻር ኢጣልያ ተዋጊኦም ምኒሊክ ተዓዊቱ ንኽወጽእ ዓቢ ግደ ዘበርከቱ ኤርትራውያን ተቓውሞ ምስ ኣሰምዑ ግዱ ብዙሓት ካብኦም ፍርዶም ዝጸበዩ ዝነበሩ ክድሕኑ ከኣሉ፡፡ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ግን ድሮ መሓውሮም ተቘሪጹ ነበሩ፡፡ ዝበዝሑ ካብኦም ደሞም ወዲኦም ሽዑ ንሽዑ ክሞቱ ከለው፡ ውሑዳት ድማ ኢደምን እግሮምን ስኢኖም ንዓደም ተመልሱ፡፡ ፕሮፌሰር ኣፈወርቂ ገብረእየሱስ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪን ጸሓፍን እዚ ፍጻመ'ዚ፡ "ዘሕፍር ዛንታ፡ ኣብ ሓደ ክቡር ታሪኽ" ክብል ጠቒስዎ ኣሎ፡፡




ገለ ካብ ግዳያት ግናይ ፍርዲ ሃጼ ምኒሊክ

እዚ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ቅድመ-ታሪኽ ነቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ማለት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተፈጸመ ኣረሜንነት ዝደረኸ መስፍናዊ ባህሊ፡ ጨካንን ዓማጺን ባህርያትን ኣተሓሳስባን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንምርዳእ ሓጋዚ ስለዝኾነ ድኣ እምበር፡ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ብቐንዱ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ (1961-1991) ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብሕጽር ዝበለ ንምግላጽ እዩ፡፡

(ይቕጽል)

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ርእሰ-ተኣማንነት

ርእሱ ምትእምማን ወሳናዊ ስራሕ እዩ። ምስ ሓገሰ ብቐጥታ ይተኣሳሰር። ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ሰባት፡ ንቕሬታ ሰቓ ኣሎም'ዮም ዝሰምዕዎ። ሃናጺ ምኽኑን ዘይምኽኑን ድማ ይመዝንዩ። ሃናጺ እንተ ደኣ ኹይኑ ይቕበልዎ፡ እንተ ዘይኩይኑ ብዙሕ ብዘዕባኡ ኣይሓስቡን። ንሽገራት ድማ ብፍጹምነት ክዓይይዎም ይሀቅኑ። ስምዒት ዘይብቑዕ ድኹም ምስሊ ኣብ ገዛእ ርእሽኻ ምሕዳር ገለ ካብቶም ግኑናት ተርእዮታት ትሑት ርእሰ ተኣማንነት እዮም። ክብርኻን ዋጋኻን ምስ ደጋዊ ኩነታት እንተደኣ ኣተኣሳሲርካዮ - ንኣብነት ምስ ገንዘብ፡ ህቡብነት፡ ተቐባልነት...ወዘተ - ዝምጻእ ረቛሒታት እዚኣቶም ኣብ እተሰእኑሉም ግዜ ናይ ግድን ትሑትነት ክስምዓካ እዩ። ብዚይ ዝኾነ ናይ ትሑትነት ስምዒት ከም ዝተወለደኩም ዘኽሩ። ትሑትነት ድሕሪ ምውላድና ኣብ ኣእምሮና ዝሰርጽ ስምዒት ምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ክውገድ ከምዝኽእል ምስትውዓል የድሊ። ኩላትና ደቂ ሰብ ሓያልን ድኹምን ጎድኒታት ከም ዘሎና ርዱእ ነገር እዩ። እዚ እንተ ዘይተገንዚብናዮ ግን ብናይ ካልኦት ሰባት ሓሳባትን ድሌትን ንኽንትግዓዝ ዘሎ ተኽእሎ ክዓቢ እዩ። ርእሱ-ተኣማንነት ተማሂርካ ክጥረ ዝኽእል ክእለት ምኻኑ ብምፍላጥ ከመይ ከም እተማዕብሎ እንተተገዲስካሉ ኣብ ኑብሰኻ እወታዊ ኣመለኻኽታ ስለእተሕድር ዝሰምዓካ ትሑትነት ክውገድ ይኽእል እዩ።




ልዑል ርእሰ ተኣማንነት እንተ ደኣ ኣጥሪኻ-

- ኣብ ኩሉ ህይወትካ ክጠቕመካ ዝኽእል ፍልጠት ንምኽዕባት ኣብርቲዕካ ትሰርሕ።
- ንብልጫኻ ብዙዮዮእ ኣለሊኻ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ልዑል ኣድህቦ ትገብር።
- ንርእሰ ተኣማንነትካ ብኸመይ ከም እተዕብዮን እትዕቅቦን ትፈልጥ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ'ውን ብንጹእ ተለልዮ።
- ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ንኻልኦት ሰባት ርእሰ ተኣማንነት ንኽጠርዩ ይደርኾም።
- ዝሓለፉዮም ዓወታት ተመሊሶም ንርእሰ ተኣማንነትካ የኻዕብትዎ።
- ንመጻኢ ዝያዳ ክትሰርሕ ከም ዝዮቦኣካ ብቐንዕና ትኣምን።
- እትዛረቦን እትሓስቦን ስምዒታትካ ሓደ ይኾውን።
- ክብርታትካ ንጹራትን ንዕኦም ንምትግባር ድማ ኣመና ጽኑዕ ትኾውን።

## ብዛዕባ ቫይረስ

ቫይረስ ዘይማዕበለ ማይክሮብ - ብማይክሮስኮፕ ጥራይ ክርአ ዝኽእል እዩ። ካብ ካልኦት ኣካላት'ውን ዝተፈልየ እዩ። ግዝፉ፡ ጂናዊ ትሕዝቶኡ ወይ ማሰርሕ ምፍራዩ ደዩ ካልእ ድማ ፍሉይነቱ ጉሉሕ እዩ። ቫይረስ ምስ ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ነገራት ዘመድኑዎ መለለዪ ባህርያት ዘለዎ ዝኣሰ ማይክሮብ እዩ። ብጠምጋም ድማ፡ ካብ 20 ክሳብ 40 ናኖሜተር ደብዳሕ።

ንቫይረስ ከም ህይወታዊ ፍጥረት ዘቑጽርዎ ክፋረን መጻኢ ወለዶኡ ክዕቅብ ዝኽእልን ምኻኑ እዩ። ቫይረስ ኣብቲ ዝምችኦ ቦታ ምስ ሰፈረ ብኣዝዩ ቅልጡፍ መጠን ዝፋረ ፍጥረት ምኻኑ ይፍለጥ። ካብቲ ልሙድ ባህርያት ተለዊጥካ ምፍጣር ካልእ ንቫይረስ ምስ ህይወታውያን ዘመድቦ ባህሪ እዩ። ዘይህይወታዊ ባህሪ ቫይረስ ብጐዛእ ርእሱ ክዓቢ ወይ ክፍዝሕ ኣይክእልን እዩ። ቫይረስ ኑቲ ኣኣንጋዲ ዋህዮ ምስ ተላገቦ ጥራይ እዩ ዝፋረ። ቫይረስ ናብ ኣኣንጋዲ ነፍሲ ክኣቱ እንከሎ፡ ኑቲ ዋህዮ ኣጥቂዑ ኣብ ውሽጢ እዩ ዝዕቆብ። ሓንሳብ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣኣንጋዲ ዋህዮ ምስ ኣተወ እቲ ቫይረሳዊ ጂን ኑቲ ኣኣንጋዲ ዋህዮ ብምቊጽጻር ፕሮቲናዊ ሽፋንን ሓድሽ ናይ ኑክሊክ ኣሲድን ይፈጥር። ገለ ካብኦም ኣብ ቫይረስን ባክተርያን ዘለዉ ፍልልያት፡ ቫይረስ ኣኣንጋዲ ዋህዮ ከይረኸበ ክራባሕ ዘይክእል ክኸውን እንከሎ፡ ባክተርያ ግና ኣኣንጋዲ ዋህዮ ይርከብ ኣይርከብ ክራባሕ ይኽእል። ገለ ባክተርያ ንደቂ-ሰብ ጠቓምቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኩሎም ቫይረስ ግና ጎደእቲ እዮም። ኣብ ኣትክልትን ሰብን ድማ ካብ ተራ ክሳብ ጽኑዕ ሕማም የስዕቡ። ንኣሲያዶማ ቫይረስ ኣብ ዝምልከት ነጥቢ ዳርጋ ኩሎም ቫይረስ በቲ ዘስዕብዎ ሕማም እዮም ዝጽውዑ። ንኣብነት ቫይረስ ኢንፍሉወንዛ ሕማም ኢንፍሉወንዛ ዘስዕብ እዩ።



## ኣማኑኤል ካንት

ፈላስፋ ኣማኑኤል ካንት ብ 22 ሚያዝያ 1724 ካሊንግራድ ጀርመን ተወሊዱ። ብፍልስፍናታቱ'ዮም ተዘካሪ ስም ካብ ዘጥረዩ ፈላስፋታት ዓለምና ሓደ'ዩ። ንፍልስፍናታቱ ግብራውያን ኣብ ምግባርም ጸጊሩ ተዓዊቱሉም ከላ - ፈላስፋ ኣማኑኤል ካንት።



ኣማኑኤል ካንት ኣብ'ዛ ሕጂ ካሊንግራድ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ከተማ- ጀርመን ብ22 ሚያዝያ 1724 ተወሊዱ። ኣብ ግዜ ንእስነቱ ንብይንኻ ምኻድን ኣብ ጽምዋ ተቐሚጥካ ምሕሳብን ዝፍተዎ ዝነበረ ካንት፡ ኣብ ናብራኡ ንሽገራት ሸለል ዘይብል ዕቱብ ነበረ። ኣማኑኤል ካንት ንዘይኣምኖሉ ፍልስፍና ዝቕበል ኣይነበረን። ብኡ ዝኣክል ምስ መማህራኡ ብቐጻሊ ይካታዕን ይብኣሰን ነበረ። በቲ ዘንጸባርቖ ዝነበረ ፍሉይ ብልሒ ድማ፡ ረቀቕቲ ሓሳባት ብቐሊሉ ክርድእ ከም ዝኽእል ክፈልጥ ጀመረ። ኣብ ግዜኡ ምስ ሰድራ ቤቱ ኣብ ዝዘራረብሉ እዋን ዝጥቀመሎም ዝነበረ ኣበሃህላታትን ሓሳባትን ንወለዱ ክድንጽዎም ምስ ረኣዩ ድማ ፍሉይነቱ በርሃሎ። ኣብ ኮሌጅ ፍረደሪኩም ብዑብልሒ ኣእምሮኡን ናብ ፍልስፍና ብዝዘንብል ዕላማቱን ዝፍለጥ ዝነበረ ካንት፡ ብሉጽ ዕዮታት እናዓየየ ትምህርቲ ኮሌጅ ዛዘመ። ብድሕሪ'ዚ ንዝለዓለ ትምህርቲ ናብ ኮኒግስበርግ- ዩኒቨርሲቲ ሰገረ። ካንት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣትዩ ክጽንዖ ንዘይደልዮ ዓውዲ ብልክዕ ይፈልጦ'ዩ ነይሩ። ኑቲ ካብ እዋናት ንእስነቱ ኣትሒዙ ክመሃሮ ዝተመጸ ዓውዲ ፍልስፍና ድሕሪ ምምራጹ፡ ብቐጥታ ውራይ ምርምራቱን ፍልስፍናታቱን ክዑብር ጀመረ። መማህራኑ ድማ ብዑብልሑ ክምስጡ ከኣሉ። ኣማኑኤል ካንት ኣብ ፈለማ 'ኣይዲል ፈለዛፊ' እዩ ክጸንዕ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ካንት ዝጀመሮ ፍልስፍና ወዱቕ ፍልስፍና ተባሂሉ'ዩ ዝዝረበሉ ነይሩ። ድሒሩ ኣማኑኤል ካንት'ውን ኑቲ ተጨቢጢ ዘይኮነ ሚስጢራዊ ፍልስፍና ኣቋረጾ። ኣማኑኤል ካንት ኣብ ዓሚቕ ፍልስፍናዊ ምርምራት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ 1746 ወላዲኡ ጆሃን ጆርጅ ካንት ብሞት ተፈልዩ። ሞት ወላዲኡ ድማ ካብ'ቲ ጀሚሩዎ ዝነበረ መጽናዕቲ ኣገናደቦ። ካንት ድሕሪ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ኣብ ክቡብ ዓዱ መምህር ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ። ጎኒ ጎኒ ናይ መምህርና ሞያኡ ግን ናይ ፍልስፍና መጽናዕትታቱ'ውን ኣየቋረጾን። ጽሕፍ ሓጻዩ ምስ ከረመ ድማ ኣብ መወዳእታ 1947 መጽሓፉ ኣሕተመ። ግዜን ህዋን (time and space) ብኣእምሮ ደቂ-ሰብ ዝተሰርሑ'የም እምበር፡ ነገራውያን ወይ ተኼጨቢጥቲ ኣይኮኑን ዝብል መረሕ ፍልስፍና ዝነበሮ ካንት፡ ኣብ ዙረት ዓለም ኣመልኪቱ ብዝነበሮ ኣስትሮኖሚካዊ መጽናዕቲ ወትሩ ይዝከር።

ኣብ 1754 ንሽልማት በርሊን ኣካዳሚ ኣዋርድስ ዘብቅዖ'ውን፡ ዙረት ዓለም ኣመልኪቱ ዝነበሮ ሓድሽ ምርምር'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ኣብ በርሊን ዝረኸቦ ንሽፍልጡታዊ ምርምራቱ ዝምጉስ ሽልማት ብርክት ዝበለ ፍልስፍናዊ ጽሑፋት ኣበርከተ። ኣብ 1762 'ዘ ፎልስ ሳብቲሊቲ ኦፍ ዘ ፎር ሰሎጂስቲክ ፊገርስ' ምስ ጸሓፈ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ድማ ክልተ መጽሓፍቲ ወሰኸ።

እዘን ክልተ መጽሓፍቲ ንፍልስፍናታት 18 ዘመን ኣገደስቲ ጽሑፋት'የን ነይረን። ኣማኑኤል ካንት ዓቢ ናይቲ ዘቐደ መጽናዕትታትን ምርምራትን ኣብ 1770 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኮኒግስበርግ ናይ ፕሮፌሰር መዓርግ ረኸበ። ኣእምሮ ደቂ-ሰብ ጥርሑ ከም ዘሎ ገረወና ኣይኮነን። ዝመላእናዮ ክመልእ ዝኽእል'ውን ኣይኮነን። 'ኣእምሮ ደቂ ሰብ ብባህሪ ተማሂረን ነቓፍን'ዩ' ዝብል መጎት ነበሮ።

ኣብ 1781 ኑታ ነዊሕ ዝደኸመላ መጽሓፉ "ክሪትክየው ኦፍ ፒዩር ሪዝን" ዶምጋይ ኣሑዲሱ ምስ ኣሕተማ ከመቕጸበት ዝናኡ ሰማይ ዓረገ። እታ መጽሓፍ ኣብ ታሪኽ ፍልስፍና ኣገዳሲት ቦታ ክትትሓዝ'ውን ክኢላ'ያ። "ክሪትክየው ኦፍ ፒዩር ሪዝን" ድሕሪ ምሕታሙ ስሙ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝገለ ካንት ዓመታት ጸጊርካ ብሉጽ ስራሓት ምፍራይ ከም ባህሊ ተኸተሎ።

## ፍልጠትን ተግባርን

ኣማኑኤል ካንት ፍልጠት ኣብ ህዋሳት ዝተሰረተ'ዩ ብምባል ይገልጽ። እዚ ማለት ፍልጠት መጀመርታ ብህዋሳት ይረጋገጽ'ሞ፡ ኣብ ዝኸሪ ይሰረት። እቲ ዝተኣከበ ዝኸሪ ከኣ ተዋህሊሉ፡ ምስ ተዛመደ ፍልጠት ይኸውን ዝበል መጉት የቕርብ። ንፍልጠትካ ፈሊጥካ ኣብ ተግባር ከተውዕሎ እንተ ዘይክኢልካ፡ ፍልጠትካ ንውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ጥራይ'ዩ ዝጠቅም ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ብዘይ ተግባር ፍልጠት የለን...! ይፈልጦ'የ ኢልካ ዝዘርዘርካዮ ኩሉ፡ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ እንተ ዘይክኢልካ፡ ካብቲ ዘይፈልጥ ትብሎ እንታይ ፍልልይ ኣሎካ?

እዚ ክገጽ ገምጋም ምስሊ. ገዛእ ርእስኻ ካልእ ዕላማ ዘለዎ ሓሳባት ኣይኮነን። ገዛእ ርእስኻ ብንጹእ ምፍላጥ፡ ኑቲ ክትመሓየሾ ዘለካ ድኽምትካ ክተለሊ ይሕግዘካ ይኸውን። ፍልጠትካ ምፍላጥ ግን ዝኾነ ዋጋ ዕዳጋ ዝገበረሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ሳሙኤል ጆንሰን ንፍልጠትን ተግባርን ኣብ ምውህሃድ ክገልጾ እንከሎ፡ 'ተግባር ብዘይ ፍልጠት ድኹምን ትርጉም ኣልቦን'ዩ። ፍልጠት ብዘይ ተግባር ድማ ሓደገኛን ዘርዕድን'ዩ!" ብምባል ይገልጽ። ይፈልጥ'የ እንተበልካ፡ ግብራዊ ብቕዓትካ ጥራይ'ዩ ምስክርካ። ክሳብ ሎሚ ኣብ ህይወትካ ዘጥሃልካዮ ፍልጠት፡ ብዕድመኻ እንተዓቂንካዮ ክንደይ ኣፍሪኻሉ ኣለኻ፡ ምኽንያት ትብሎ እንተለካ ክትዘርዝሮ ትኽእል ኢኻ። እንትርፎ ገዛእ ርእስኻ ፍልጠትካ ኣብ ግብሪ ከይትቕይሮ ዘጸሰርካ ምኽኒት የለን። ገለ ሰባት ዘሎና ፍልጠት ኣኻሊ ኣይኮነን ዝያዳ ክፀምቑ ኣለዎ ዝበል መጎት ዘቕርቡ ኣጋጢሞሞኒ ኣለው። እዚ ግን ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ጸሚድካ ክኸውን ኣለዎ። ገለ ካልኦት'ውን ዘለዎም ፍልጠት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ባይታ ከምዝተሓጸሮም የዕልሉ። ባይታ'ውን ንፍልጠትካ ናብ ግብሪ ብምቕያር ብጽቡቕ ስራሕ ክመጽእ ይኽእል። ካልኦት ከማን ካብቲ ዘለዎም ፍልጠት ንላዕሊ ዝተጋህ መረዳእታ ይህልዎም'ሞ፡ ብናቶም መዐቀኒ ካልኦት ንክዝተግበርዎም ስራሓት ዘለኣእሱ ኣይሰኣኑን። ኣብ መወዳእታ ግን ብዘይተግበር ፍልጠት ዝበሃል የለን። እቲ ምኽንያት ዝኾነ ይኹን ብምፍላጥካ ብግብሪ እንታይ ፍልልይ ፈጢርካ'ዩ ዘዕቅቦ። ከም ትፈልጥ ብኸመይ ተፍልጥ? ከም እትፈልጥ ብኸመይ ተረጋግጽ? እዩ እቲ ዘገድስ።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ምስ ባሕርኛታት |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | መደብ ስልማት ትግረ |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመሃሰሲት-ኮም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜናትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ዘተ-ባቢል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ ምስ ዓይነታት ዓሳ ባሕሪ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዘዮማም |

ሓበሬታ

ርሑስ ኣውድኣመት እናተመኘና ናይ ጸባሕ መደብና ሰዓት 9፡00 ንግሆ ጀሚሩ ብዝተፈላለየ ዜና ትሕዝቶ ከም'ኡ`ውን ኣብ ሳዋ ዝተገደ ህዝባዊ በዓል ክስ ምኻኑ ንሕብር።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ይግባይ በሃሊ የሰፍ ኢብራሂም፡ መልሲ ወሃቢቲ ወረ/ፍ ጸገዩና መሓሪ ምሲጋና ጦኽረጸየን በየነ +2 ጉዳይኩም ብይግባይ ደርአ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዝ29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ግዜ ገደ ተከኤ ምባል ተሪፉ፡ ግዜወርቅ ገደ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሊድያ ኣብርሃ ኣሰፋሃ ምባል ተሪፉ፡ ሊድያ ኣማኑኤል ብጹኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ቃወም እንተሎ፡ ንዝ28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ጸጋ ፍትዊ፡ ስም ኣደይ መሓሪት ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ምሕረታ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣስመረት ኣልኣዘር የማነኣብ፡ ብዓል ቤተይ ስመረ ደበሳይ ገብረኣምላኽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሳምኤል ሰለሙን ክብርኣብ፡ ኣቦይ ሰለሙን ክብርኣብን ቀደሳን ምስየፍ ነጋሲ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/1/25 ኣብ ቤት ፍርዲ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ገብሩ ተስፋሚካኤል ጸጊ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ምላሹ ኣብርሃ ወልደኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰለሞዊት ገብረመድህን ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ተስፋጋብር ገብረኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኀሹ ሕድሩ ማስመር፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ውዳስ ጸገ ሕድሩ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ምሕረት ዑቕባሚካኤል፡ ስም ሰወእ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ተስፉ ወልደሚካኤል ምባልተሪፉ፡ ካሕሳይ ተስፋይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ስመረ ዳዊት ወልደገርግሽ፡ ሓወና ከፋለ ረዳ ገሬሔል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎንዝ14/2/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

ዘርኣይ ትኩእ፡ ስም ትሕተ ዕድመ ወደይ ሙብራህቱ ክብርኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሙሴ ዘርኣይ ትኩእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መኣዛ ኪዳነ ተስፋይ፡ ኣደይ ሂወት ሓየሎም ዓሰቡ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምሃር ቃልኣብ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፡ሰምሃር ኪዳነ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማሰል ቀሺ ቀለምወርቂ ኣብርሃም ከምኡ'ውን ብፍ/በ/ ዕዳ 1.ኣቶ ሙሴ ኪዳነ ወልደኣብዝጊ 2.ወ/ሮ ፍረወይኒ ፍጹምብርሃን ዘሎ ክርክር ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ንዝ14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሙሉ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ዘምህረት ገብራይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ለተኪዳን የማነ ተኽለሃይማኖት፡ ካብ ነፍ/ብዓል ቤተይ ነጋሽ ዑቕባጼን ተኽሎም ብዕለት 20/10/22 ብውህብቶ ዝተወሃበ ተራ ገዛ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዞባ 01 ምም/06 ዝርከብ 1,010 ት.ሜትር ስፍሓት ዘለዎ፡ ወህብቶ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተኪዳን የማነ ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ነጋሽ ዑቕባጼን ተኽሎም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ደለና ብርሃ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ብርሃ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብቶ ብርሃ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሃብተሚካኤል ብርሃ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ በየነ ባህረም ስብሃቱ፡ ኣቦይ ቀሺ ባህረም ስብሃቱ ተዓረ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑስማን ግደይ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን ዑጥባን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሚኤል ባህታ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ህዝቢ የማኑ ተኸሳሲ ኣብል ክብሮኣብ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ተወልደ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ረዛን ይከኣሎ፡ ተኸሳሲ ተወልደ ሳሚኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ጸገ ገብረእየሱስ እምባዬ፡ ብዓል ቤተይ ቀደስ ኣንገሶም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከርስ ሃብተጼን፡ ብዓል ቤተይ ክፍለማርያም ፍስሓ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ን7/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሮመለስ ሃብተኣብ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሮሜላስ ሃብተኣብ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ዑመር ዳኒ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ ዑመር ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ዓሻ ሓምድ ስራጅ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ሓምድ ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዜነብ ኣብብከር ሮሞዳን ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ዜነብ ኣብብከር ሮሞዳን ዓሊሕሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሽሻይት ተስፋብርሃን ገብረማስቀል፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ሃይለ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ28/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ዛህራ መሓመድ ኣደም ዑስማን፡ ስም ኣደይ መርየም ሓምድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መርሃዊ ግርማይ ካሕሳይ፡ ወለድና ግርማይ ካሕሳይ ወልደማርያምን ኣመታይ ሓጎስ ኣብርሀን ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ21/1/25 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

ገረዝጊሄር እድሪስ በርሀ፡ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ግደ እድሪስ በርሀ፡ ተከኤ እድሪስ በርሀ፡ ኣሕዋትና 1. ግዱኣም እድሪስ በርሀ 2. መንታይት እድሪስ በርሀ፡ 3. እናቴ ኣኪየር እድሪስ በርሀ፡ 4. ዳህባ እድሪስ በርሀ ህያብ ስለዝሃደፋልና ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሓምድ መ/ድዓሊ መ/ስዕድ ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ መ/ድዓሊ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ኣሕመድ ሓምድ፡ ኣደይ ኣምና ኢብራሂም ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ዓሻ ዓሊ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዒዲ ጃብር ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ዛህራ ዓሊ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑራ ሳልሕ ዓሉ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ሳልሕ ዓሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋእድ መሓመድ ዓሉ ምባል ተሪፉ፡ ሳብር መሐመድ ዓሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ22/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ትሕቲ ዕድመ ኢሳቕ መሓሪ ሃብተሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት መሓሪ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመዕዲደዕዲድ ዑስማን ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ ዑስማን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ኣገዛዝባ እንዳ ሻሂ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ካብ 01/ለካቲት/2025 ክሳብ 31/ታሕሳስ/2026

ኣገዛዝባ ዕድጊ፦ (ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ካብ 01/ታሕሳስ /2025 ክሳብ 31/ ታሕሳስ/2026 ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ናይ ሻሂ ኣገልግሎት ከምዝርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ፡ ብመሰረት ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዘቕርቦ ዝርዝር ሃለኽቲ ዋጋ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዝቐርብ ሃላኺ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ሻሂ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሴራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሌጅን ማይ-ነፍሒ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ።
5. ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6 . ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪሎቲ፡ ስዑስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት። ደንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን።
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብ C.P.O ኣትሒዞም የቕርቡ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድጊን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሌጅ ማይ-ነፍሒ
ቁ.ሳ. ፖስታ 344 ኣስመራ
ቑጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዊልያምስ፡ ንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ነቒፉ

ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ በልባኦ ኢናኪ ዊሊያምስ፡ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ንጸወታ ናይ ዕወታት ዕውትቲ (ሱፐር ኮፓ) ኣብ ስዑዲ ዓረብ ምክያዱ ነቒፉ።

እዚ ውድድር፡ ካብ 2020 ጀሚሩ ኣብዚ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እትርከብ ሃገር ዝካየደሉ ዘሎ ምኽንያት፡ ፈደረሽን እስጳኛ ምስ ስዑዲ ዓረብ ብዝኣተዎ ውዕል እዩ። ብዩኒ እታ ብሰንኪ ኮሮና ዘይተኻየደት ናይ 2020-21 ወቕቲ ከኣ ክሳብ ሕጂ ኣብታ ሃገር እዩ ዘሰላስሎ ዘሎ።

ሱፐር ኮፓ እስጳኛ፡ ቅድሚ እዚ ውዕልዚ ምኽታዉ ኣብ ዝበረ ዓመተ-ስፖርት፡ ዕውትቲ ኮፓ ደል ረይን ላሊጋን እያን ናይ ዋንጫ ጸወታ ዘካይዳ ነይረን። ድሕሪ 2020 ግና፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ ኮፓ ደል ረይን ላሊጋን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ዝዛዘማ ኣርባዕተ ክለባት ሒዙ፡ ኣብ ፍርቂ ዓመተ-ስፖርት እዩ ዝካየድ ዘሎ።

በዚ ከኣ፡ ረቡዕ ምሸት፡ ኣትሌቲኮ በልባኦን ባርሴሎናን ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ተራኺበን፡ ባርሳ ብሹቶታት ጋቪን ያማልን 2-0 ተዓዊታ። ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ካብ ዝተጻወታ ሪያል ማድሪድን ማዮርካን ድማ፡ ኣብ ፍጻመ ንባርሴሎና ክትገጥማ እያ።

እዚ ሓድሽ ቅርጺ ውድድር፡ ተወሳኺ ጸዕቂ ጸወታ ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ብብዙሓት ተጻወትቲ ክንቀፍ ጸኒሑ እዩ። ድሕሪ'ዚ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ጸወታ ከኣ፡ ዊሊያምስ ኣምሪሩ ክዘረብ ተሰሚዑ።



እዚ ጋናዊ፡ “ዚ ሱሳቢ ጸወታ፡ ኣብ ኣገዳሲ ርሑቕ ሃገር ኣማኢት ከሎሜትራት ካብ ደገፍትናን ስድራናን ርሒቕና ክንጻወቶ ዘሕፍር እዩ። ከም ዝመስለኒ፡ እዚ ግጥም ኣብ ቀረባ ቦታ እንተዝካየድ ነይሩ፡ ስታድዮም ብደገፍቲ ምመልአ ነይሩ። ንዓይ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ምጽዋት ዝኾነ ትርጉም ኣይዝበለንን። እንተኾነ ናይ ሕጂ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ብኸምኡ እዩ ዝጽወት ዘሎ።” ክብል ዘይዕጋብኡ ገሊጹ።


ውዕል እዚ ውድድር ኣብ ቦታኡ ብምህላው፡ ኣብ ዝቕጽሉ ክልተ ዓመታት ስዑዲያ ነዚ ጸወታ ከተሰናድኦ ምዃና ይግለጽ - ርኢይቶ ተጻወትቲ ብዘይገድስ።


ብዘይካ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ፡ ናይ ኢጣልያ ናይ ዕወታት ዕውትቲ (ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ) እውን ብተመሳሳሊ ኣብዛ ዓረባዊት ሃገር እዩ ዝካየድ ዘሎ። ዝሓለፈ ሰሉይ ኤሲ ሚላን ንኢንተር ሚላን 3-2 ብምስዓራ ጸዋእ ከምዝልዓለቶ'ውን ይዝከር።

## ኣልሞን ቪክቶርን፡ ንግዜኡ ክጻወቱ ተፈቒዱሎም

ተጻወትቲ ባርሴሎና - ዳኒ ኣልሞን ፓው ቪክቶርን፡ ንግዜኡ ንጋንታኦም ክጻወቱላ ተፈቒዱሎም - ድሕሪቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስፖርት እስጳኛ ንጥርዓን እዛ ጋንታ ተቐቢሉ ብምቕባሉ፡ እዞም ተጻወትቲ ንግዜኡ ክጻወቱ ተፈቒዱሎም ኣሎ፣ ክሳብ እቲ ቤት ፍርዲ ወዓዲ ውሳነ ዝህብ።

ላ'ሊጋ፡ እቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዝሃቦ'ዚ





ከተመዝገቦም ፍቓድ ምሃብ።

ኣብ ክረምቲ 2024 ናብዛ ክለብ ዝተጸምበሩ ኣልሞን ቪክቶርን፡ እዛ ጋንታ ብሰንኪ ዘለዋ ፋይናንስያዊ ማሕንቖ (ኣታዊኣ ምስ ወጻኢኣ ክተመዓራሪ ኣይከኣለትን ዘላ) ግና፡ ከም ግዜያዊ ፍታሕ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2024 ከተመዝገቦምን ክተጻውቶምን እዩ ተፈቒዱላ።

ዝተዋህበ ግዜ ድሕሪ ምእካሉ ዳግማይ ከተመዝገቦም ዘቕረበቶ ሕቶ ብምንጻጉ ከኣ፡ መጻኢኦም ኣብ ጠልጠል እዩ ጸኒሑ። ክልተ ግዜ ዘቕረበቶ ሕቶኣ፡ ብፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛን ላዕለዋይ ዲቪዥንን እታ ሃገረ ላ'ሊጋን እዩ ተጸሊጉ።

እንተኾነ፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ስፖርት እዛ ሃገር፡ ብቕድሚ ትማሊ እዛ ክለብ ድሕሪ ዘቕረበትሉ ንሓጺር ግዜ ናይ ምጽዋት ሕቶ ውሳነ ተወሳኺ መብርሂ ክህብ ከምዝጸበየውን ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ ኣሎ። ላ'ሊጋ፡ ንሕቶ ባርሳ ኺጊ ንኽልተኦም ተጻወትቲ ኣብ 31 ታሕሳስ 2024 ካብ ዝርዝር ኣሰማት ተጻወትቲ እቲ ሊግ ኣውጺኢዎም እዩ ጸኒሑ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዚ ንቕልውላው ባርሳ መለሱ ዘጋድድ ጉዳይ፡ ንግዜኡ ብምፍታሕ ንኣሰልጣኒኣ ሃንሲ ፍሊክን ተጻወትታን መጠናዊ እፎይታ ሂቡ ኣሎ። ቅድሚ'ቲ ናይ ረቡዕ ምሸት ናይ ሱፐር ኮፓ ጸወታ ዝተዋህበ እዚ ውሳኔ ንኹሉ ኣባል እዛ ጋንታ ተወሳኺ ሞራል ከምዝሃቦ'ውን ፍሊክ ድሕሪ ናይ 2-0 ዓወቶም ገሊጹ። ሰንበት ኣብ ፍጻመ ጸወታ እቲ ውድድር ክጻወቱ ድማ ይኽእሉ እዮም።

## በንታንኩር፡ ደሓን ምዃኑ ገሊጹ

ረቡዕ ምሸት ብጉራላ ተጸዩሩ ክወጽእ ዝተቐሰበ ተጻዋታይ ቶተንሃም ሮድሪጎ በንታንኩር ትማሊ ሓሙስ ደሓን ምዃኑ ገሊጹ።



እዚ ወዲ 27 ዓመት ኣርጀንቲናዊ ኣብቲ ንሊቨርፑል ዝሰዓሩሉ ናይ ካራባኦ ካፕ ጸወታ እዩ ካብ መኣዝን ዝመጸት ኩዕሶ ብርእሱ ክዘርም ኣብ ዝፈተነሉ፡ ዝኾነ ተጻዋታይ ከይተንከፎ ወዲቑ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ። ትሸዓተ ደቓይቕ ዝወሰደ ሕክምናዊ ሓገዝ ድሕሪ ምርካቡ ከኣ ኣብ ባጉራላ ተጸዩሩ ወጺኡ። ኣብ ዕረፍቲ እቲ ጸወታ፡ ቶተንሃም፡ በንታንኩር ሃለዋቱ ከምዝፈለጠን ክዛረብ ምጅማሩን ሓቢራ ነይራ።

ትማሊ ከኣ እዚ ኣጥቃዒ፡ ኣብ ሆስፒታል ኮይኑ “ኩሉ ጽቡቕ እዩ ዘሎ” ክብል ዘሰቕል ከምዝጸለ ኣብ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ስእሉ ኣሰንዩ ጽሒፉ። እቲ ጠንቂ ግና፡ ዛጊት ኣይተፈልጠን።

ኣብቲ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ፡ ቶተንሃም፡ ኣብ መበል 86 ደቒቕ ካብ ሉካስ በርግቫል ብዝረኸበታ እኾ ሹቶ እያ 1-0 ተዓዊታ። ካልኣይ እግሪ ኣብ ሜዳ ሊቨርፑል 6 ለካቲት ክካየድ እዩ።

## ማን ሲቲ፡ ንረዩስ ንምፍራም ኣብ ስምምዕ በጺሓ

ናይ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመተ-ስፖርት ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዝኾነት ማን ሲቲ፡ ንተጻዋታይ ፓሜራስ ቪቶር ረዩስ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ንምፍራም፡ ብውልቂ ምስኡን ምስ ወከሉን ኣብ ስምምዕ ምብጻሓ ተሓቢሩ።

ብሃንደበት ኣብዚ ወቕቲ ቁመናኣ ዝፈረሰ ሲቲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ቀስ ብቐስ ናብ ብቕዓት ትምለስ ዘላ ትመስል። እዚ ዝተናኸመ ቁመናኣ ንምግላባት ከኣ ኣብዚ ወርሒ ተኸፊቱ ኣብ ዘሎ መስኮት ምስግጋር ገለ ተጻወትቲ ክትገዝእ ተዳልያ ትርከብ።

ብመሰረት ክኢላታት መስርሕ ምስግጋር ከኣ ወዲ 18 ዓመት ናይ ማእከል ተኸላኻሊ - ረዩስ ቀዳማይ ዕላማኣ ኮይኑ ኣሎ። ካብ ሃገሩ ብራዚል ናብ ኤውሮጳ ከተምጽኦ ከኣ 40 ሚልዮን ዩሮ (33 ሚልዮን ፓውንድ) ብምኽፋል ሕቶ ኣቕሪባ ኣላ። ደሮ ውልቃዊ ስምምዕ ገይራ ምህላዋ፡ ረዩስ ድማ ቀጢልያ መብራህቲ ወሰዐላ ምህላዉ ይሕበር። ኒታ ኣቕዲማ ካብ ካልኦት ክለባት ንዝመጻ ብውሑድ መጠን ገንዘብ ናይ ምግዛእ ሕቶ ዝጸንት ክለቡ ንምስዓስ ከኣ ስራሕ ይጸብያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሲቲ ንኣጥቃዓይ ኢንትራክ ፍራንክፈርት - ዑመር ማርሞሽን ተኸላኻሊ ለንስ ኣብዱቓዲር ክሁሳኖቭ እውን ኣብ ዕላማ ኣእትያቶም ትርከብ።



## መደብ ጸወታ

ሎሚ
ኤፍኤ ካፕ
ኣስቶን ቪላ - ዌስት ሃም 11:00 ድ:ቀ
ሴሪኣ
ላዝዮ - ኮሞ 10:45 ድ:ቀ
ቡንደስሊጋ
ቦርሽያ ዶርትሞንድ - ባየር ለቨርኩሰን 10:30 ድ:ቀ

## ፖተር፡ ሓዲሽ ዓላሚ ዌስት ሃም ኮይኑ

ግርሃም ፖተር፡ ረቡዕ ምሸት ንዝተባረረ ዓላሚ ዌስት ሃም ጁለን ሎፐተጉ ተኪኡ፡ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ኮይኑ ተመዚዙ።

እዚ ወዲ 49 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ክሳብ ክረምቲ 2027 ዘጽንሐ ናይ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ውዕል ፈሪሙ ኣሎ። ነዛ ክለብ ምዕላሙ ከምዝሽርዖ ዝገለጸ ፖተር፡ ዒቢ ብድሆ ይጸበዮ ምህላዉ ይግለጽ።



ንሎፐተጉ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዘባረረቶ ዌስት ሃም፡ ካብ 20 ናይ ሊግ ግጥምታት 23 ነጥቢ ኣኪባ መበል 14 ደረጃ ትርከብ። ድኹም ዘሎ ብቕዓታ ከበራብሮን ደረጃኣ ክብ ከብሎን ድማ ክሕተት እዩ - ፖተር፡ ብፍላይ ድኺሙ ዘሎ መስመር ምክልኻላ ከይልድሎ ትጸበት ይግበረሉ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ናይ ምውራድ ዞባ ብሸውዓተ ነጥቢ ጥራይ እያ ልዒላ ዘላ።

ኣቐዲሙ ኣብ ብራይተን ብዝዋመሞ ዕውት ስራሕ ዒቢ ስም ዝረኸበ ፖተር፡ ምስ ልዑል ትጸቢት ኣብ መስከረም 2022 ዝእንደናዊት ክለብ ቸልሲ ክዕልማ ተመዚዙ፣ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል እዩ ፈሪሙ ነይሩ።

እንተኾነ ስራ ድኹም ወጽኢት፡ ገዕዙ ከጆ ሚያዝያ 2023 ክቕጽል ኣይከኣለን - ተባሪሩ። ወላ'ኳ ስሙ ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ተኣሳሲሩ ክለዓል እንተጸንሐ፡ ልዕሊ ዓመት ተጸቢዩ ግና፡ ዳግማይ ናብ ከተማ ለንደን ብምቕናዕ ናብ ስራሕ ተመሊሱ ኣሎ። ቀዳማይ ጸወታኡ ከኣ ሎሚ ናብ ኣስቶን ቪላ ተጓዒዙ ናይ ኤፍኤ ካፕ ጸወታ ክካየድ እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* ብዝኸምታ ዓቕሙን ጽልዋኡን ኣብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘዕቢ ዘሎ ኣማዱ ዲያሎ፡ ሓዲሽ ውዕል ክፍርም ተሰማሚዑ።

ኣብ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ውዕሉ ዘብቅዕ እዚ ኣይቮሪኮስታዊ፡ ብ12 ኣዋርሕ ክናውሖ እዩ ተሰማሚዑ ዘሎ።

* ፒኤስጂ፡ ንናይ ከንፊ ኣጥቃዓይ - ክቪቻ ክቫራትስከሊያ ንምፍራም፡ ምስ ክለቡ ናፖሊ ዝርርብ ጀሚራ።

ቀጥታዊ ዝርርብ ጀሚራ ዘላ እዛ ፈረንሳዊት ክለብ፡ ኣብ ልዕሊ ገንዘብ ከም መወሰኽታ ንተኸላኻሊኣ ሚላን ስክሪኒያር ኣብቲ ውዕል ኣእትያቶ ኣላ።

ናፖሊ፡ ናይ ማእከል ተኸላኻሊኣ ኣለክሳንደሮ ቡንጆርኖ ብሰንኪ መጉዳእቲ ንገለ ሰሙናት ካብ ጸወታ ርሒቑ ብምህላዉ እያ፡ ፒኤስጂ ንስክሪኒያር ኣብቲ ውዕል ኣእትያቶ ዘላ።

እዚ ዝርርብ ብጽቡቕ ኣብ ምኽያድ ከምዝርከብ፡ ክቫራትስከሊያ ከኣ ኣብዚ ወርሒ ንኽወጽእ ዘኽእል መጉዲ ክፉት ምህላዉ ተሓቢሩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ዩክሬን፡ ንትካላት ኣመሪካ ብብልሽወና ይወቕስ

ዩክሬን ፍርቂ ናይ'ቲ ብመንግስቲ ኣመሪካ ቃል ዝተኣተወላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ብሸኽ. ብልሽወና ትካላት ኣመሪካ ትቕበሎ ከምዘይፈ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ቮሎድሚር ዘለንስኪ ገሊጹ።



እቲ ፕረዚደንት፡ ኣመሪካ ካብ 2022 ግጭት ዩክሬን ካብ ዝጀመር ንደሓር ንዩክሬን ንምምዋል ኣሰታት 177 ቢልዮን ዶላር ክትምድብ ከሎ ከሉ እቲ ገዝዘብ ወይ'ውን ንዋታዊ ሓገዝ ግን ከምዘይተዋህቦ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፥ ሃገሩ ኣብ ክፍሊት መጉዓዝያ ተወጺኡ ዘላ ወጻኢታት ተወሲኺ ኣጸዋር ክትዕድግ ከምዘኸእላ ብምግላጽ፡ ናይ ባዕላ ናይ ጸጥታ ኣፈርቲን መራኸብን ተጠቒማ እቲ ሓገዝት ከተእትዎ ኣመሪካ ከተፍቅደላ ጸውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ።

ዘለንስኪ፡ ተወሳኺ ኣጸዋርን ሓገዝን ክወሃብ ከምዘድልዮ ብምግላጽ፡ ንደገፍቱ ምዕራባውያን ዝቅፍ መግለጺታት ክህብ ጸኒሑ እዩ።

## ትራምፕ፡ ንግሪንላንድ ናይ ምዕዳግ መደቡ ይንጸግ

ዳግማይ ናብ ስልጣን ክምለስ ሓደት መዓልታት ተረፊንኦ ዘለዋ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ንርእሰምምሕዳር ግዝኣት ዴንማርክ ዝኾነት ግሪንላንድ ንምዕዳግ ዘለዎ ሓሳብ ደጊሙ ድሕሪ ምግላጹ፡ ጀርመንን ፈረንሳን ነጺገንኦ።

ቻንስለር ጀርመን ኦላፍ ሾልዝ ንውጥን ትራምፕ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "ሓንቲ ሃገር ንእሹቶ ትኹን ሓያል ብዘየገድስ፡ መትከል ዘይምጥሓስ ዶብት ንኹሉ-ወሰፍ ሃገር እዩ ዝምልከት" ኢሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ዣን ኖዌል ባሮት ብወገኑ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ካልኦት ሃገራት ዓለም ንልኣላዊ ዶባቱ ክጥሕሳ ከምዘይፍቅድ ኣረጋጊኡ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሉስ ንግሪንላንድ ንምውናን ዘለዎ ድሌት ደጊሙ ብምግላጽ፡ እታ ኣርክቲካዊት ደሴት ንዝገራውን ቀተቦውን ድሕነት ኣመሪካ ኣገዳሲት ምዃና ኣፊሩ።





ንሱ፡ 2019 ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን'ውን ዚ ሓሳብ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ንግሪንላንድ ንምዕዳግ ድሌት ከምዘለዎ ብተደጋጋሚ ይገልጽ ነይሩ እዩ።

መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝኾነት ዴንማርክ፡ ግሪንላንድ ንመሸጣ ከምዘይትቐርብን ዋናታታ ድማ ነበርታ ከምዝኾኑን እያ ኣትሪራ ትገልጽ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪንላንድ ሙተ ኤገደ ብወገኑ ካብ ዴንማርክ ናጽነት ንምርካብ ዘለዎ ድልየት እኳ እንተሓበረ፡ ግሪንላንድ ግና ናብ መሸጣ ከምዘይትቐርብ ኣብሪሁ።

ግሪንላንድ፡ ካብ ዝሓለ ኩናት ኣትሒዛ መደበር ራዳር ኣመሪካ ዝበረ ኮይና፡ ንኣመሪካ ድማ ስትራተጂያዊ ኣገዳሲት ዘለዋ እያ።

## ሕ/ኢ/ዓረብ፡ ውልቀ-ሰባትን ኣካላትን ኣብ ዝርዝር ሸበራውያን ኣስፈራ

ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ምስ ሃይማኖታውያን ሸበራውያን ጉጅለታት ርክብ ከምዘለዎም ዝጠርጠሮም ውልቀሰባትን ኣካላትን ኣብ ዝርዝር ግብረ-ሸበራውያን ከምዘስፈረት፡ ኣገልግሎት ዜና'ታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ብማሰረት ካቢኔ ሚኒስተራት ኢማራት ዓረብ ዝወጸ ውሳኔ ቁጽሪ 1 ናይ 2025፡ 11 ውልቀሰባትን 8 ኣካላትን ኣብ ዝርዝር ሸበራውያን ዘስፈረ ኮይኑ፡ እዚ ድማ እታ ሃገር ኣብ ምምካት ግብረ-ሸበራን ፊናንሳዊ መርበባታን ዘለዋ ተወፋይነት ዘርኢ ምዃኑ ተገሊጹ።

እቲ ውሳኔ ምስ ሃገራዊ ሕጊታትን ስርዓታትን ዝሰማማዕ ኮይኑ፡ ንሸበራ ዝድግፉ መርበባት ንምፍራስ ዝዓለመ ምዃኑ ድማ እቲ ካቢኔ ኣረጋጊኡ።

በዚ ድማ፡ ኣብ መላእ ኢማራት ዓረብ ዝርከብ ፊናንሳዊ ትካላትን ተቖጻጸርቲ ኣካላትን ነቲ ውሳኔ ንምትግባር ኣድላዪ ስጉምትታት ክወስዳ መምርሒ ተዋሂቡወን ኣሎ።

እቶም ተዘርዚሮም ዘለዉ ውልቀሰባት፡ ካብ ሸወደን፡ ቱርኪ፡ የመንን ሊባኖስን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝመጹ ዜጋታትን ድርብ ዜግነትን ዘለዎም ኮይኖም ዜጋታት ኢማራት ዓረብ ድማ ይርከብዎም።

እቶም ዝተሰለዩ ኣካላት ድማ ብቐንዱ ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሮም ኮይኖም፡ ኣብ ምውላ ወይ ምድጋፍ ግብረ-ሸበራዊ ንጥፈታት ተራ ከምዝተጻወቱ ይንገር።



## ጫድ - ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝተኻየደ መጥቃዕቱ ፈሺሉ

ኣብ ጫድ፡ ዕጡቓት ሓይልታት ኣብ ርእሰከተማ ንጃሜና ኣብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት'ታ ሃገር ብዘኸፈቱዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 18 ዕጡቓት ከምእተቐትሉ ተሓቢሩ።

በቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣጋ ምሸት ዝተፈተነ ብሓይልታት ጸጥታ እታ ሃገር ዝፈሸለ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ኣባል ጸጥታ'ውን ምስቲ ዕጡቕ ጉጅለ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ተኹሲ ልውውጥ ከምእተቐትለ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣረጋጊኡ።

ድሕሪ ሓደት ሰዓታት ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ኣፈኛ መንግስቲን ጫድ ዓብደራማን ኩላማላህ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቲ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ ኣሎ። እቲ ፈተነ ፈሺሉ እዩ" ክብል ኣብሪሁ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን ድማ፡ እቲ ፕረዚደንት ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ምንባሩ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሓደ ምንጪ ጸጥታ ንኣገልግሎት ዜና ፈረንሳ ኤይኤፍፒ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ኣባላት ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮሓራም ምዃኖም እኳ እንተገለጹ፡ ኩላማላህ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ግና ዕጡቓት ከምዝሰከሩ ብምሕባር፡ 'ዘይዕድለኛታት ሸፋቱ' ክብል ሓጺጺጹ።

ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዋንግ ዪ ምስ ፕረዚደንት ጫድ ማሃማት እድሪስ ደቢ ካልኦት ላዕለዎት ሰበስልጣን እታ ሃገርን ተራኺቡ ምዝታዩ ይሕበር።

እቲ መጥቃዕቲ ዝፍጸም ዘሎ፡ መንግስቲ ጫድ፡ ወተሃደራዊ ምሕደራ ንምውጋድ ቀንዕ ስጉምቲ ከምዝወሰደ ዝኣደ ኣካታዊ ሓፈሻዊ ምርጫ ድሕሪ ምክያዱ ክልተ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ እዋን እዩ።



## ሞዛምቢክ - መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ

መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ሞዛምቢክ ቬናንሲዮ ሞንድላኔ ድሕሪ'ቲ ሓያሎ ሰልፈኛታት ዝተቐትሉሉ ተቓውሞታት ዘለዓለ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ዝተኻየደ ኣካታዊ ምርጫ፡ ንድሕነቱ ክብል ሃዲሙ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

ሞንድላኔ ኣብ'ቲ ብ9 ጥቅምቲ ዝተኻየደ ምርጫ ምትላል ከምዝተገብረ ብምሕባር፡ ደገፍቱ ኣብ መላእ እታ 35 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ናብ ጎደናታት ክወጹ ጸዊዑ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ርእሰከተማ ማፑቶ ዝርከቡ ከባቢታት፡ ኣሽሓት ሰባት ንሞንድላን ንምቕባል ኣብ ዝተኣከቡሉ ኢጋጣሚ'ውን ሓደሽ ናዕቢ ከምእተፈጥረ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ ምምላስ ሞንድላን ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ብዕጽዋት ክቕጽል ዝጸንሐ ተቓውሞታት መሊሱ ከበኢሶ ከምዝኸእል ተገሊጹ።

ተቖጻጻሪ ሲቪላዊ ማሕበራት 'ፕላታፎርማ ዲሳይድ' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ፡ ኮሚሽን ምርጫ እታ ሃገር ስልጣን ናይ'ቲ ንፍርቂ ዘመን ኣብ መራሕነት ዝጸንሐ ግዜኢ. ሰልፊ 'ፍረሊሞ' ዘናውሕ ወጽኢት ካብ ዘፍለጠሉ እዋን ጀሚሩ፡ ብውሕዱ 278 ሰባት ኣብ'ቲ ተቓውሞታት ከምዝሞቱ ገሊጹ።

ምርጫ ሞዛምቢክ ዋላ'ኳ ብተዓዛቢ'ቲ ምርጫ ነጻን ፍትሓውን ከምዘይነበረ ዝገልጽ ጸብጻብት እንተቐረበ፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ሞዛምቢክ ግና ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ዓወት ግዜኢ. ሰልፊ ፍረሊሞ ምርግጋጹ ይዝከር።

ሓድሽ ዝተመርጸ ፕረዚደንት ዳኒኤል ቻፖ ዝመጽእ ሰሙን ቃለ-መሓላ ክፍጸም ብምዃኑ ድማ፡ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሞዛምቢክ መሊሱ ክጋደድ ከምዝኽእል ተንተንቲ ኣሚቶም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 10/1/25 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.7ዛ19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565